ሓዳስ ኤርትራ
መበል 32 ዓመት ቁ.277 ሓሙስ 20 ሓምለ 2023 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ንጓል፡ኣንስተይቲ ምሕያል፡ ሓያል ሕብረተሰብ. . . ..

ገጽ 3
"ተሓዳሲ ጸጋት ንምስፋሕ ዘኽእሉ መደባት . . .

ገጽ 4
ደሃይ ተመረቕቲ 35 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት
ገጽ 5
ዕብየት መንእሰይ፡ዕብየት ሕብረትሰብ

ገጽ 7
ቅኑ ስፖርት ሓይሊ ኣየር ቀጺሉ


# ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ኢጣልያ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ይፍጽም ኣሎ



ኣብ ኢጣልያ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ዝፍጽም ዘሎ፡ ብሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣማኻሪ ፕረዚደንት ኣቶ የማነ ገብረኣብን ዝቖመ ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፥ ኣብ ሮማ ምስ ዝተፈላለዩ ሰበስልጣን'ታ ሃገር ርክባት ኣካይዱ።

ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፥ ትማሊ ምስ ምኽትል ቀዳማይ ሚኒስተርን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢን ኣንቶንዮ ታጃኒ ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ኣብ ምዕዛዝ ክልተኣዊ ዝምድና ብሓፈሻ፡ ቀዳምነት ኣብ ዘወሃቦም ጽላታት ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ጸዓት፡ ሕርሻ፡ ምስናዕ፡ ትሕተ-ቅርጺ፥ ከምኡ'ውን ንግድን ወፍርን ዓሚቚ ዘተ ኣካይዱ።

ክልቲኦም ወገናት ብዘውሃኽ፥ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላም፡ ርጉኣትን ልምዓትን ንምስፋን ክልተኣዊ ምትሕብባር ንምድንፋዕ ተሰማሚዖም።

ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ ብዘይካ'ዚ፥ ምስ ሚኒስተር ዩኒቨርስታትን ምርምርን - ሴናተር ኣና ማሪያ በርኒኒ ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ብመሰረት ቀዳምነታት ኤርትራን ኢጣልያ ዘሰጉምትሉ ዓውድታትን፡ ኣብ ላዕለዋይ ትምህርትን ምርምርን ክግበር ኣብ ዝኽእል ምትሕብባር ተዘራሪቡ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሬፓብሊክ ኢጣልያ ኣቶ ፍሱሃጼን ጴጥሮስ እውን ተሳቲፉ።

# ማእከል - ዲጋታት፡ ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ኣገዳሲ ኣስተዋጽኦ የበርክታ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዓመታት ዝተሃንጸ ዝተፈላለየ ዓቐን ዘለወን 85 ዲጋታት ዘርከብኦን 127 ክዘንቲ ማይ፥ ኣብ ውሕስነት ዝሰተ ማይ ሰብን ጥሪትን ሕርሻዊ ልምዓትን ዝምስገን ኣበርክቶ ይገብራ ከምዘለዋ ተገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ሕርሻዊ ትሕተ-ቅርጺ ኢንጅነር ኣብርሃም ዳኒኤል፥ እተን ልዕሊ 16.5 ሚልዮን ሜተር-ኩብ ማይ ናይ ምሓዝ ዓቕሚ ዘለወን ዲጋታት፡ ምስ'ቲ ብስሚንቶን ጋብዮንን ዝተሃንጸ ልዕሊ 80 ዓበይቲ ከትርታት ተደሚሩ፥ ነቲ ኣብ ዝናብ ክረምቲ ጥራይ ዝምርኮስ ዝነበረ ሕርሻ - ናብ መስኖኣዊ ኣገባብ ብምቕያር፡ ዓመት ምሉእ ኣሕምልትን ፍረታትን ብምፍራይ ጠለባት ዕዳጋታት ኣብ ምምላእ ኣገዳሲ ኣስተዋጽኦ የበርክታ ምህላወን ኣረዲኡ።

እተን ብድምር ኣስታት 1.7 ሚልዮን ሜተር-ኩብ ማይ ዝሕዛ ራህያታት እውን፡ ቀረብ ዝስተ ማይ እንስሳታት ከም ዘውሕሳ፥ ዲጋታት ዓዲ-ቁ፡ ኣፍደዩን ዓዲ-ሓውሻን ኣብ ደረጃ ምዝዛም ከምዝበጽሓ ኢንጅነር ኣብርሃም ሓቢሩ።

እዘን ዲጋታት ንዘለውሓ ዓመታት ኣገልግሎት ክህባ ምእንቲ፥ ነብርቲ ብግቡእ ክጥቀሙለንን ኣድላዪ ክንክን ክገብሩለንን ደጊሙ ተላቢዩ።



# ህዝቢ ንኡስ ዞባ ማይ-ምነ ንመማህራን ኣተባቢዑ

ኣብ ዞባ ደቡብ - ህዝቢ ንኡስ ዞባ ማይምነ፥ ተወሳኺ መማሃሪ ክፍልታት ኣብ ምስራሕን መማህራን ኣብ ምትብባዕን ንኡድ ስራሕ ከምዘፈጸመ ተሓቢሩ።

በቲ ጽሕፈት ትምህርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ - ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2022/23 ዝተኻየደ ንጥፈታት ንምግምጋም ብ4ን 5ን ሓምለ ኣብ ዘየዶ ርክብ፥ ሓላፊ ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ማይ-ምነ መምህር ክብሮም ገብረመድህን፥ ህዝቢ መማህራን ንምትብባዕ 241 ኩንታል እኽሊ ኣዋጺኡ ከምዝረከበም፥ እዚ ድማ ንመማህራን ዓቢ ሞራል ከምዝሃበ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ዓመተ-ትምህርቲ ትምህርቶም ካብ ዝዛዘሙ ተማሃሮ፥ እቶም 89.4% ማሕለፊ ነጥቢ ከምዝረኸቡ ጠቒሱ፡ ድሙ፥ መማህራን ኣብ ትርፊ ግዚኦም ዝደኸሙ ተማሃሮ ንምሕጋዝ ንዝገበርዎ ጻዕሪ ሞጒሱ።

ሓላፊ ትምህርቲ ንዓበይቲ ዞባ ደቡብ መምህር በላይ ኑርሕሸን፥ ተማሃሮ ብሰንኪ ጸበት መማሃሪ ክፍልታት መቐጸምታ ይምሃሩ ከምዝነበሩ፥ ህዝቢ ግን ብዓቕሙ ተወሳኺ መማሃሪ ክፍልታት ብምስራሕ ምህላው - ድሕሪ ምዝኽኻር፥ እዚ ምሉእ ስለዘይኮነ - ዝምልከቶ ኣካል ቀላሒታ ክገብር ተላብዩ።

ብተመሳሳሊ ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ ኣብ ዝተኻየደ ርክብ፥ ሓላፊ ትምህርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር መረሕ ከርሱ፡ መማህራን ፍልጠቶም ኣብምክፋፋል ዘርኣይዎ ተወፋይነት፡ ርእሱ-መማህራን ንምህበሌ ኣብያተ-ትምህርቶም ምስ ምምሕዳራት እናተረዳድኡ ዘውሰድዎ ተበግሶታት፥ ብዝለዓለ ክድፍኡሉ ተላብዩ።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ደቡብ ሓላፊ ምምህሃል ዓቕሚ ሰብ መምህር ወልደጊዮርጊስ መንክ፥ ማእከል ትምህርቲ ንሓደ ወገን ጥራይ ዘይግደፍ፥ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ክጻወቶ ዝግብኦ ብምዃኑ፥ ኩሉ ኣካል ብዝጸዓት ዜጋታት ኣብ ምፍራይ እጃሙ ከበርክት ኣዘኻኺሩ።

# ምቍራጽ ተመሃሮ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ንምውጋድ ጻዕርታት ይካየድ

ኣብ ንኡሳን ዞባታት ሎጎ-ዓንሰባን ፎሮን፥ ኣብ 2022/2023 ኣብ መሰርሒ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝተራእየ ድኽመታት ብሓፈሻ - ምቍራጽ ተመሃሮ ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ዝቐጽል ዓመተ-ትምህርቲ ንምውጋዱ ጻዕርታት ክሕየል ተሓቲቱ።

ብ15 ሓምለ ኣብ መቐርካ ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም፡ ሓላፊ ኣገልግሎት ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ጸጋዩ ብርሃ፥ መሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ምትሕብባር ናይ ኩሎም ኣካላት ስለዝድልዩ፡ ነቲ መሰርሕ ብኣሉታ ዝጸልዉ ረቛሒታት ንምእላይ እውን ብውህደት ክስራሕ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ዚ ዝተዛዘመ ዓመተ-ትምህርቲ፥ ካብ መዋእለ-ህጻናት ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ካብ ዝተመዝገቡ 48.3 ሚእታዊት ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 11,180 ተመሃሮ፡ እቶም 2.9 ሚእታዊት ከምዝቋረጹ፥ 14.3 ሚእታዊት ከምዝተረፉ ሓቢሩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ ብተመሳሳሊ፥ ነቲ ኣብ'ዚ ዓመት እዚ ዝተራእየ ምቁራጽ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ንምውጋድ ጻዕርታት ክሕየል፥ ርእሱ-መማህራንን ሱፐርቫይዘራትን ኣብ ዝተሳተፍዎ ርክብ ማዘኻኸሪ ቀሪቡ።

ኣብቲ ርክብ ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ፥ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2022/2023 ኣብ ኩሉ ደረጃታት ካብ ዝተመዝገቡ ተማሃሮ 8 ሚእታዊት ብዝተፈላለዩ ምኽንያት ከምዝቋረጹ፥ 13 ሚእታዊት ከምዝተረፉ ተሓቢሩ።

# ፍኖት

ዳህላክ ነጋሲ

## ንጓል-ኣንስተይቲ ምሕያል፡ ሓያል ሕብረተሰብ ምፍጣር ማለት'ዩ

ሃገራት - ከለንትናዊ ዕቤትን ብልጽግናን ንኸረጋግጻ፡ ብቑዓምንት ዜጋታተን ብዘይ ኣድልዎ ንኸሉ መሰላትን ግቡኣትን ብማዕረ ክመቻቸኣሉ ይግባእ። ኣብ ዜጋታት ሓደ ሕብረተሰብ ብዘይ ኣፈላላይ፡ ምዕሩይ ዝኾነ ኣረኣእያን ጠመተን ክሃሉ እንተዘይክኢሉ፡ ሰላም፡ ምዕባለን ፍትሕን ክህሉ ኣይክእልን። ንኣብነት፡ ጾታዊ ኣድልዎ ኣብ ብዙሓት ከበባታት ኣህጉርና ዝርኣን ዘጋጥምን ኩነት፡ እቲ ተግባር ንደቂ-ኣንስትዮ ዝኸድእ ዘቖናጽብን ዘሑእሽን እዩ። ስለዚ፡ ብሓደ ጾታ ጥራይ ዝተዓብለለን ዝምራሕን ሕብረተሰብ፡ ማዕረታዊ ፍትሒ. ከረጋግጽ ኣይክእልን።

ጾታዊ ኣድልዎ ብሰሪ ድሕር ኣተሓሳስባን ኣመለኻኽታን ግጉይ ባህላዊ ልምድታትን ካልእ ጠንቅታትን ዝኸሰት እዩ። ከም ሳዕቤኑ፡ ኣብ ኣእምሮኣውን ኣካላውን ዕቤት ጓል-ኣንስተይቲ ብቐሊሉ ዘይሃስስ በሰላ ይገድፍ። ብዘይካ'ቲ ኣብ ልዕሊ'ታ ግዳይ ዝኸውት ጓል-ኣንስተይቲ ዝፍጠር ተጽዕኖ፡ ንኸሉ-መዳያዊ ኣፍራይነት ዝፀንቅጽ እውን እዩ። ጓል-ኣንስተይቲ ተኻፊሊት እተፈላለየ ዕድላት ብምዃኑ ካብ ተጻብኦት ብምግልጋል ዕውትቲን ኣብነታዊትን ንኽትኸውን ደገፍ ሳዕለምት ኣካላት የድልያ። ምኽንያቱ እቲ ንሓያሎ ዓመታት ኣብ ሕብረተሰብ ሰሪቱ ዝጸንሐ ርድኢትን ኣተሓሳስባን ብሓደ ረፍዲ ክቕየር ስለ ዘይክእል፡ እምበኣር፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ንምብራኽ ንርሑቕ ዝጠመተ ዘይሕለል ጻዕሪ ምክያድ ይግባእ።

ኣብ ርሑቕ ይኹን ኣብ ቀረባ ከበባታት፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ብምዕሩይ ኣገባብ ክዋደድ የድሊ። ምኽንያቱ ብዘይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ዕቤት ክህሉ ኣጸጋሚ ስለ ዝኾነ። ስለዚ፡ እተን ኣብ ንኡስ ዕድመ ዝርከባ ደቂ-ኣንስትዮ እውን፡ መሰረታዊ ዝኾኑ ዕድላት ከም ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ድሕነትን ካልእ ኣገደስቲ ኣገልግሎታትን ብዘይ ዝኾነ ቅድመ ኩነት ክረጋገጸለን ኣለዎ። እዚ. ማለት፡ ንዓኣተን ካብ ኣንጻር ጾታ ዝፈልን ዘሑእሽን መሰናኽል ክሳብ ዘይሃልወ፡ ብማዕረ ከለ ጸጋታት ክመቻቸኣሉ ይግባእ።

ትምህርቲ መሰረት ኩሉ ሓይሊ. እዩ። ትምህርቲ ናብ ዝተሓለነ ዕላማ ዘብጽሕ መሳርሒ. ስለዝኾኑ፡ ኩሉ ዜጋ ብማዕረ ክኸፈሎ ይግባእ። ጓል-ኣንስተይቲ ግቡእ ኣገልግሎት ትምህርቲ እንተረኺባ፡ ክንጽ ኣብ ምህናጽ ገዚኡ-ርእሳ ዝሀልዎ እወታዊ



ረብሓታት፡ ንሕብረተሰብን ሃገርን ዝሀልዎ ኣበርክቶ ልዑል እዩ። ምኽንያቱ ዝተማህረት ጓል-ኣንስተይቲ ዝለዓለ ንቕሓት ኣብ ማሰል፣ ዝበረኸ ርእሰ-ተኣማንነትን ኣብ እትወስዶ ውሳኔታትን ዝለዓለ ናጽነትን ስለዝሀልዋ። እቲ እትምህርቶ ስድራ-ቤት እውን ዕውት ንኽኸውን ልዑል ኣበርክቶ ይህልዋ።

መጽንዕትታት ከምዝሕመልክትዎ፡ ብኣህጉር ደረጃ ከለን ደቂ-ኣንስትዮ፡ ኣገልግሎት ትምህርቲ ክሳብ ሓሙሻይ ክፍሊ. እንተረኺበን ከም ወጽኢቱ ሞት ህጻናት ብ15% ክጎድል ይኽእል። ከምኡ'ውን ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ክበጽሓ እንተኽኢለን ኣብ እዋን ወሊድ ዘጋጥም ሞት ብፍርቂ ማለት 3 ሚልዮን ናጽላታት ክድሕኑ ይኽእሉ። ብዘውሳኺ'ውን ኣደታት ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ክመሃራ እንተኽኢለን ኣድላይነት ዝተመጣጠነ መግቢ. ብኣጋኡ ክርድኣ ስለዝኽእላ፡ ጥዕንኡ ዝሓለወ ህጻን ይህልወን።

ደቂ-ኣንስትዮ ተመሃሮ ኣእምሮኣውን ኣካላውን ዕቤት ንኽድልባ ብኣግኡ ወፍሪ ክካየድ ኣለዎ። ከም'ቲ ሓንቲ ተኽሊ. ብምዃኑ እንተ ተኸሲኩሉ ኣብ እዋን ምሕፋስ ምህርቲ ዝተፈላለየ ጣዕምን ትሕዝቶን ዘለዎ ምእኩት ፍረ እትምጠ፡ ነተን ደቂ-ኣንስትዮ እውን ብንኡሰን ግቡእ ናብዮት እንተ ተኻይዱለን ናይ ጽባሕ ንጡፋት ሰራሕተኛታት፡ ኣፍረይቲ ኣደታት፡ ኣውፊርቲ ኣብ ዝተፈላለየ መዳይ ተዋፊረን ንሕብረተሰብ ዝቕይሳ፡ ኮታ ኣብ ኩሉ ጽላት ብምስታፍ፡ ኣብ ምዕባለ ዓለም መሪሕ ተራ ከምዝሀልወን ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ንትሕቲ-ዕድመ ደቂ-ኣንስትዮ ዘጋጥመን ብደሆታት፡ ኣብ መብዝሕትኡ ከበባታት ተመሳሳሊ. ሳዕቤን ዘኸትል እዩ። ካብ'ቶም ንበኡ መጺኢ. ደቂ-ኣንስትዮ ዘጸልምኡ ባህላዊ ልምድታት፡ መርዓ ትሕቲ-ዕድመ ብቐዳምነት ክጥቀስ ይኽእል። ኒታ ኹ ዘይዓኾኸት ጓል-ኣንስተይቲ ኣብ ንኡስ ዕድመኣ ዘይተደለየ ጥንስን ጥዕናዊ ጸገምን የጋጥማ። ብዘውሳኺ፡ እተን ዕድመ ዘይደለበ ንኣሽቱ ኣዋልድ፡ ንባዕለን ክናበያ ዝግብኣን ክነሰና ሓላፍነት ምንባይ ቁልዓ ይስከማ። ከም ሳዕቤኑ፡ ንዝተፈላለየ ኣእምሮኣውን ኣካላውን ጸገማት ይቃልዓ።

መርዓ ትሕቲ-ዕድመ፡ ኣብ ልዕሊ. ጓል-ኣንስተይቲ ዝፍጸም ጉዳኢ. ልምዲ እዩ። እቲ ልምዲ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ፡ ኣብ ሰፊሕ ከበባታት ዓለም ክዘውተር ጸኒሑን ኣሎ። ብፍላይ፡ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ጊዜ ደረጃ። ንኣብነት፡ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ኤስያን ላቲን ኣመሪካን ኹ ይቐጽል ኣሎ። ኣብ ትሕተ ሰሃራ ኣፍሪቃን ደቡብን ምዕራብን ኤስያን፡ ካብ'ተን ዕድመአን ትሕቲ 15 ዓመት ዝኾና ሽሞንተ ኣዋልድ፡ ሓንቲ ንመርዓ ትሕቲ-ዕድመ ትቃላዕ። ብተመሳሳሊ፡ ኣብ'ዚ. ዝተጠቕሰ ክፍሊ. ዓለም፡ ካብ ትሕቲ 17 ዓመት ዝዕድሚኣን ሽሞንተ ኣዋልድ፡ ሓንቲ ኣብ ንኡስ ዕድሚኣ ክትወልድ ትግደድ።

መርዓ ትሕቲ-ዕድመ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ዘውርዶ ጽልዋ ከቢድ እዩ። እታ ቀንዲ. ግዳይ ናይ'ቲ ግጉይ ልምዲ ዝኾነት ጓል-ኣንስተይቲ፡ ንዘጋጥማ ጥዕናዊ ጸገም ክትጻወር ዓቕሚ ድኑት ስለዝኾኑ ብቐጻሊ. ከቢድ ቃንዛ እናተጻወረት ትነብር። እቲ ሕማም ኪ.ንጆ እዋናዊ ጸገም ነበረ ጉድኣት ከስዕቦ ይኽእል እዩ። ከም ሳዕቤኑ፡ ንዓኣን ንሸላን ዕሚ. ሞት ከጋጥሞም ይኽእል። ሳሕቲ'ውን እቲ ዝወለድ ናጽላ ምሉእ ጥዕና ዘይብሉ ይኸውን። ከም ሳዕቤኑ፡ መብዝሕትኡ እዋን ወላዳ ናይ ምንባይ ሽግም ባዕላ ትጸሮ። ካልእ ኣሉታዊ ገጽ ናይ'ዚ. ተርእዮ፡ እታ ኣደ ክትወልድ እንከላ ሞት እንተ ኣጋጠማ'ውን እቲ ናጽላ ዘኽታም ክኸውን ይግደድ።

ኣብ ዝበዝሐ ክፋል ዓለም፡ ጎድጎ ዝተሓወሶ ዓመጽ ኣብ ልዕሊ. ደቂ-ኣንስትዮ ብቐጻሊ. የጋጥም። መብዝሕትኡ እዋን ግዳያት ጾታዊ ዓመጽ ትሕቲ-ዕድመ ስለዝኾና፡ ንኽቃወመኦን ክከላኸላኦን ምሕር ደጸገማ። መብዝሕትኡ እዋን ነተን ብዕድመ ዘይዓኾኻ ቆልዑ፡ ኣብ ልዕለአን ዓመጽ ዝፍጽሙ ኣብ ከባቢአን ዝነብሩ ሰብት እዮም። ከም ሳዕቤኑ እቲ ዓመጽ ተደጋጋሚ ስለዝኸውን፡ ኣብ ኣእምሮውን ኣካላውን ዕቤት ግዳያት ዘይሃስስ በሰላ ይገድፍ። እዚ. ዘኾሕትክሕ ፍጻሜ፡ መጻኢ. ዕድል ግዳይ ከጸልምት ልዑል ተኽእሎ ኣለዎ።

ዓመጽ ዝብል ቃል ከም ዘጽርዩ ሓይሊ. ወይ ጉልበት ተጠቒምካ መጥቃዕቲ ምፍጻም እዩ። ብዙሓት ደቂ-ኣንስትዮ ግዳያት ዓመጽ ኩይነን እናነለዋ፡ ብሸኽ. ሕፍረት፡ ፍርሒ.ን ካልእን፡ ቁስለን ኣብ ውሽጠን ደጕለን፡ ተበዲለን ክነብራ ብሽቅታ ይጉዓዛ ኣለዋ። ብሸኽ. ባህላዊ ልምድታትን ድሕር ኣተሓሳስባን፡ ድምጸን ከይተሰምዐ ተዓፊኑ ይቕጽል። እቲ በዳሊ. ድማ ናብ ሕጊ. ቀሪቡ፡ ግቡእ ፍርዱ ከይተቐበለ ይነብር። ስለዚ፡ መላእ ሕብረተ-ሰብ ኣብ ጎድነን ደው ብምባል፣ ጸገማተን ኣብ ምፍኻስ ግቡኡ ከበርክት ይግባእ። ብዘውሳኺ፡ ዓመጽቲ ግቡእ መቕጻዕቲ ንኽወስዱ ክተሓባበር ኣለዎ። እቲ ምንታይ፡ ዘይሰብኣውነታዊ ተግባራት ናይ'ቶም ኣብ ልዕሊ. ደቂ-ኣንስትዮ ጾታዊ ዓመጽ ዘውርዱ ሰብት ከይሳዕረረ እንክሎ ክግታእ ስለዘለዎ።

እተን ግዳያት፡ ንዘጋጥመን ሽግራት ክብድሃ ምሉእ ዓቕሚ ክህልወን ስለዘይክእላ፡ ንመሰለንን ግቡአንን ዝጣበቕ ኣካል ክቖውም ይግባእ። ዝድግፈን ሓይሊ. እንተዝህልዩ፡ ባዕላተን ኣካል እቲ ቃልሲ. ኩይነን ኣብ ዝዐየድ ንጥፈታት መሪሕ ተራ ክህልወን ዝሕግዝ እዩ። ብዘውሳኺ'ውን ኣብዚ. መዓይ ኣተኩሩ ብንኡሰን ሰፊሕን መልክዕ ዝሕንጸጽ ውጥናት፡ ኣብ እዋኑ ተተግቢሩ፡ ኣብ ባይታ እዋታዊ ወጽኢት ክሕፈሶ እንተኽኢሉ፡ እተን ግዳያት ዝያዳ ተተባቢዐን ሽግራተን ክገልጻ ይኽእላ እየን።

ሃገራዊ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ፡ ኣብ መዳይ ትምህርቲ ንቕሓት ሕብረተ-ሰብ ንኽብርኽን ማሃይምነት ንኽጠፍእን ብዙሕ ሰራሕ ዓሚሙ እዩ። ከምኡ'ውን ብዙሓት ደቂ-ኣንስትዮ ብቐጠባ ነብሰን ክኢለን ስድራ-ቤተን ንኽመርሓ ዝተፈላለየ ሞያዊ ስልጠና ወሂቡ እዩ። ብፍላይ፡ ኣብ ርሑቕ ከበባታት ንዝነብራ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ናይ ለቓሕ መደብ ብቐጻሊ. ከም ዘዋድድ ሰነዳት እቲ ማሕበር የረጋግጽ። ኣብ መዳይ ጥዕናኦ'ውን ኣብ ምኽንያቱ ጓል-ኣንስተይቲ፡ መርዓ ትሕቲ-ዕድመን ፍርያምነት ስድራ-ቤትን ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ንምብራኽ፡ ብዙሕ ዕማም ከም ዝተሰርሐ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ብተደጋጋሚ ይገልጽ እዩ።

ብደረጃ ኣህጉር ሰብኣዊ መሰል ደቂ-ኣንስትዮ ንኽረጋገጽ፡ ንቕሓት ሕብረተ-ሰብ ንኽብርኽ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎት - ትምህርትን ካልእን ንኽዋደድ፡ መርዓ ትሕቲ ዕድመን ምኽንያቱን ክውገድ፡ ጎጻዊ ዓመጽ ደው ክብልን ካልእ ጾታዊ ኣድልዎታት ንኽጠፍእን እተፈላለየ መደባት ይካየድ እዩ። ኣብዚ. ንማሰልን



ግቡእን ደቂ-ኣንስትዮ ጥራይ ኣተኩሩ ዝውድብ መደባት፡ ብፍላይ ነተን ኣብ ንኡስ ዕድመ ዝርከባ ምሉእ ኣደህቦ ይወሃቦ። ከምኡ'ውን ደቂ-ኣንስትዮ ንቕሓተን ኣብ ኩሉ መዳይ ብምብራኽ፡ ንጸገማተን መፍትሒ. ንኽፍድያሉን ብደሆታት ንኽስዕራን የተባብዕ። እንተኾኑ እቲ ዝወጠን መደብ ሰራሕ፡ ኣብ ባይታ ከም'ቲ ዝደለ ወጽኢት ኣይረኸበን እዩ። ስለዚ፡ ለውጢ. ብሰራሕ ዝረጋገጽ ካብ ኩኑ ንዘጸንሐ ኣመለኻኽታ ንምቕያር ሓያል ጻዕሪ የድሊ።

ኣብ መላእ ዓለም ብሸኽ. እተፈላለዩ ማሕንቖታት፡ ብዙሓት ደቂ-ኣንስትዮ ውሽጣዊ ዓቕመን ከይተበርበረ ይጠፍእን ኣሎ። ብሰሪ ዘይንቑሕ ኣተሓሳስባን ድሕር ልምድታትን እተን ደቂ-ኣንስትዮ ሕሰም ዝተፈላለየ ማሕበራዊ ጸገማት ከይተጋደፈን ኣብ ምሉእ ጉዕዞ ህይወተን ሰለይ ይብላ። ከምኡ'ውን ብዙሓት ግዳያት ኣደዳ ዝተፈላለዩ ሕማማት ኩይነን ኣብ ስቓይ ይነብራ። ገሊኣተን ድማ ኒታ ዘይትትካእ ህይወት ይኸስራ። ጓል-ኣንስተይቲ ኣብ እትነብረሉ ከባቢ. ምቹእ ባይታ እንተተዋዲዱላ ብዕጽፍታት ከተፍሪ እትኽእል ሓያል ፍጥረት እያ። ኣብ እትኣምነሉ ዕላማን ዕማምን ድማ ብዘይ ምድሕርሓር ብምሉእ ዓቕማ ትሰርሕ።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ.
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ.
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጰ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጰ. 1284



ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# “ተሓዳሲ ጸዓት ንምስፋሕ ዘኽእሉ መደባት ንምትግባር ንሰርሕ ኣለና” ኣቶ ተስፋይ ዘካርያስ

ጸዓት፡ ሓደ ካብ ኣገደስቲ ረቛሒታት ኣብ ምዕባለ ሃገር እዩ። ቀጠባዊ ጽላታት ፋብሪካታት፡ ኢንዱስትሪታት፡ ሕርሻ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎትን...ወዘተ፡ ብዘይ ጸዓት ግቡእ ስርሖም ክፍጽሙ ኣይክእሉን እዮም። ነዚ ኸሉ ኣብ ግምት ዘእተወ ቀጻልነት ዘለዎ ቀረብ ጸዓት ንኽህሉ፣ ጻዕርታት ምግባር የድሊ። ክንዲ ዝኾነ፡ ሃገራት ጠለብ ጸዓት ንምምላእ ዝተፈላለየ ጻዕሪ ክካየዳ ይረኣያ። ሓደ ካብኡ ተሓዳሲ ጸዓት ኩይኑ፡ ኣብዚ ዓውዲ ግዚፍ ባጀት ሰሊዐን ወፍሪ ክገብራ ይረኣያ። መንግስቲ ኤርትራ እውን ካብዚ ብዘይፍሉ፡ ኣብ ዓውዲ ተሓዳሲ ጸዓት ወፍሪ ክካይድ ጸኒሑን ኣሎን። ንሎሚ እምበኣር፡ መንግስቲ ኣብ ተሓዳሲ ጸዓት ዘካይዶ ዘሎ ወፍሪ እንታይ ከምዝመስል፡ ኣብ ሚኒስትሪ ጸዓትን ማዕድንን፡ ዳይረክተር ጀነራል ክፍሊ ጸዓት ኣቶ ተስፋይ ዘካርያስ ተወኪሱናዮ ዝዘከና መብርሂ ናባኹም ኣብሎ - ሰናይ ንባብ!

ጸዓት ዝተፈላለየ ኣገባብት ተጠቒምካ ዝፈሪ ኣብ ብልጽግና ሃገርን ሕብረተ-ሰብን ማስተርሆ ዝፈጥር ደራኺ ምዕባለ እዩ። ብኸመይ ትጥቀመሉ ኣብ ዝበል፡ ጥሙርን ዘይጥሙርን ዝበሃሉ ብኽልተ ኣገባብ ክግለጽ ይኽእል። ድሕሪት ምልስ ኢልና ቀረብ ጸዓት ቅድሚ ናጽነት ኣብ ሃገርና ምስ እንፍትሽ፡ ነይሩ ክበሃል ኣይክኣልን። መንግስቲ ኑቲ ጸገም ንምፍታሕ ካብ ጸባሕ ናጽነት ብዕቱብ ሐሳብ ክሰርሓሉ ተበጊሱ።

ጥሙር ስርዓት ቀረብ ጸዓት ክበሃል ከሎ፡ ካብ ማእከላይ መደበር መመንጨዊ ጸዓት ዝፈረየ ጸዓት ናብ ዝተፈላለየ ከርንዓት ሃገር ዝዝርጋሕ እዩ። ዝርግሐ መስመር ኤሌክትሪክ ኣብ ሃገርና ካብ ሕርጊጎን በለዛን ተበጊሱ - ናብ ኣስመራ ካብኡ ኸኣ ናብ ሰለስተ ጨናፍር ከረን፡ መንደፈራን ደቀምሓረን ይዝርጋሕ። ንዝሓለፈሉ ዓድታትን ከተማታትን ድማ ኣገልግሎት ይህብ። እዚ ሕጂ ዘለዎ ኣቃውማ ቅድሚ ምሓዙ በዚ ኣገባብ ኣስመራን ባጽዕን ጥራይ'የን ዝራኸባ ነይረን። ካብ 1994 ጀሚሩ ግን ዝርገሐኡ ክሰፍሕ ጀሚሩ። ብዘይዳ ኸኣ መደበር መመንጨዊ ጸዓት ሕርጊጎ ኣብ 2002 ድሕሪ ምትካሉ፡ ዝበረ ዓቕሚ ጸዓት ጕልበቱን ናብ'ዘን ዝተጠቐሳ ጨናፍር ክዝርጋሕ ጀሚሩን።

ጥሙር ቀረብ ጸዓት ኣብ ሃገርና ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ክብደን ለጠቕን ዝረኣዮ እዩ። ከም ኣብነት፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋን፡ ብዘይ ምቁራጽ ኣገልግሎት ዝህበሉ ግዜ ነይሩ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ግን፡ ብምቍራጽ ከምዝዕደል ይግበር ኣሎ። ስለምንታይ ምምቕራሕ? ጠንቂ ምቁራጹከ እንታይ'ዩ? መፍትሒኸ ከፍታሕ? ዝበሉ ሕቶታት ግን ገይና መልሲ ክረኽቡ ዘለዎም እዮም።

ንመብርሂ ኣቶ ተስፋይ ምርካብ ብምግባር፡ ዘይጥሙር ቀረብ ጸዓት፣ ካብ ጥሙር ስርዓት ቀረብ ጸዓት ወጻኢ ተገጺሉ ኣገልግሎት ዝሁብ እዩ። ዓዲ-ቀይሕ፡ ኣቖርደት፡ ባረንቱ፡ ተሰነይን ዓሰብን ጀነሬተር ብምጥቃም ቀረብ ጸዓት ዘውሕሶ ክሹና ከለዋ፡ ዓራዛን ማይድማን ከኣ ካብ ሶላር ዝምንጩ ቀረብ ጸዓት ዝጥቀማ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን እየን። ከምዚ እዘን ዝተጠቐሳ ከተማታት ዘይጥሙር ቀረብ ጸዓት ዝጥቀማ እየን። ኣብ ዘይጥሙር ስርዓት ዝወሃብ ኣገልግሎት፡ ሰሩዕን ብሰዓታት ዝተወሰነን እዩ። እቲ ዝወሃብ ኣገልግሎት ከኣ፡ ንሽግራታት ስራሕን መነባብሮ ተቐማጦኣንን ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ። ስለዚ ኣብ ከምዚ ዝበለ ከበባታት ዝወሃብ ኣገልግሎት ቀረብ ጸዓት፡ እኹል'ኳ እንተዘይኮነ፡ ተበጽሒኑት ኣሎዎ ክበሃል ግን ይኽእል።

ቀጻልነት ቀረብ ጸዓት ንምፍራይ ብደሆታት ኣለዉ። ኣብ ሃገርና ዘጋጥም ብደሆ ንምፍታሕ፡ እንጥቀመሉ ምንጪ ኣገልግሎት ጸዓት፡ ረሰናዊ ኩይኑ፡ ኑዳዲ ብምቅጻል ዝፈሪ'ዩ። እዚ ድማ ናፍታን ፉርኖን ብምቅጻል ብጀነሬተር ዝፈሪ ጸዓት እዩ። እቲ ካልኣይ ተተካኢ ቀረብ ጸዓት ኩይኑ፡ ካብ ጸሓይ፡ ንፋስ...ወዘተ. ብምጥቃም ዝፈሪ እዩ።

ብረስናኣዊ ኣገባብ ዝፈሪ ቀረብ ጸዓት ኣብ ሃገርና፡ ካብ 1994ን 1996ን ክብበስ እንከሎ፡ ማእከላይ ዓቕሚ ዝበረን ጀነረተራት ኣብ በለዛ ተተኺለን ኣገልግሎት ክህባ ጀሚረን። ቀጺሉ ኑቲ ዝበረ ዓቕሚ ቀረብ ጸዓት ንምጕልባት፡ ብ2002 ኣብ ሕርጊጎ ተወሲኹቲ ዓበይቲ ጀነረተራት ክትትከላ ተገይሩ። ኣብ 2017 ሕጂ'ውን ኣብ ሕርጊጎ ዝበራ ጀነረተራት ካልኣት ከምዝወሰኽኣን ኩይኑ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኸኣ፡ ሓደስቲ ጀነረተራት ናይ ምትካልን ንዝበራ ጸጊንካ ናብ ንቡር ንምምላስን መደባት ተታሒዙ ጻዕርታት ይካየዱ ኣለዉ። ነዚ መደባት ዘኻይድ ባጀት፡ ኣብ ርእሲ'ቲ መንግስቲ ዝሰልዖ፡ ካብ ዝተፈላለያ ዓለማዊ ባንክታት ብልቓሕ ዝርከብ ገንዘብ ኣወሃሂድካ ዝትግበር እዩ። ውጽኢት ናይ'ዚ ኩሉ ጻዕሪ ኣብ ቀረባ መጻኢ ክንጽበርቕ ብዝተሰፋ እንጽበዮ ምዃኑ ኸኣ ኣቶ ተስፋይ ኣተምቢሁ።

ተተካኢ ጸዓት ክቡብ ኢሉ ከምዝእተገልጸ፡ ካብ ጸሓይ፡ ንፋሱ፡ ማይን ትሕተ-ባይታዊ ዋዒን ብምጥቃም ክፈሪ ይኽእል። ኣብ ሃገርና፡ ዛጊት ኣብ ደረጃ ምምዝማዙ ዘይበጽሕና፡ ካብ ጸሓይ፡ ንፋስን ትሕተ-ባይታዊ ዋዒን ጸዓት ከፍርያሉ እንኽእል ሰፊሕ ዕድላት ኣለና። እዚ ዝጥቀስ ዘሎ ጸጋ ብኸመይ ኣብ ረብሓና ከውዕሎ ከምእንኽእል፡ ብርክት ዝበሉ መጽናዕቲታት ተኻይዶም ምህላዎም ዘመልክተ መግለጺ፡ ኣቶ ተስፋይ፡ ብጹሓያዊን ንፋሳዊን ጸዓት ንምፍራይ ስራሓት ተጀሚሩ ምህላዉ ኣረዲኡ።

እኹል ጸዓት ንምፍራይ ዝተፈላለየ ብደሆታት ምህላዎም ዝጠቐሰ ኣቶ ተስፋይ፡ ካብ'ዚ እቲ ዝዓበየ ብደሆ ፋይናንሰያዊ ሕጽረት ምዃኑ ኣዘኪሩ። ንኣብነት፡ ኣብ ረስናዊ ኣገባብ ምፍራይ ጸዓት እተገልግል ንመዕደጊ፡ ሓንቲ ጀነሬተር ዝሕተት ዋጋ ክሳብ 50 ሚልዮን ዶላር ደባጽሕ። እዚ ከኣ ክቡር እዩ። ካብ'ዚ ዝሓሸ ምርጫ ክህልወካ ወፍሪ ኣብ ናይ ተተካኢ ጸዓት ምግባር የድሊ። ሚኒስትሪ ጸዓትን ማዕድንን ንተጽዕኖ ብደሆ ሕጽረት ጸዓት ንምፍታሕ፡ ካብ 1999 ክሳብ 2006 ኣብ ዝተፈላለየ ከበባታት ሃገርና ሜትሮሎጂካዊ መደበራት ብምትካል፡ ብርክት ዝበሉ መጽናዕቲታት ኣካይዱ። ብመሰረት'ቲ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ሃገርና ጹሓያዊ ጸዓት ናይ ምፍራይ ተኽእሎ ከምዘሎ፣ ንፋሳዊ ጸዓት ብዝምልከት እውን፡ ካብ ዓሰብ 300 ኪ.ሜ ንሸነኽ ሰሜንን ደቡብን ምቹኣት ከበባታት ምዃኖም ተረጋጊጹ። ኣብ ዓሰብ እቲ ማስርሕ ዕወት ምዃኑ ዝተረጋገጸ ፈተነ ንፋሳዊ ጸዓት ተኻይዱ።

ኣብ ዓራዛን ማይድማን 2.25 ሜጋ ዋት ጸዓት ዘፍሪ መደበራት መመንጨዊ ተተኺሉ። ጸዓት፡ ኣስታት 12 ሚልዮን ዩሮ ወጻኢ ዝተገብረሉ እዩ። እዚ ኑቲ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ልምዓት ቦታታት ዝተተኸለ መመንጨዊ ጹሓያዊ ጸዓት ኣገልግሎት ይቐርብ ኣሎ ዝብል እዩ።

ዘይጥሙር ቀረብ ጸዓት፡ ዝተዋሰበ ዝድግፎ ዋሕዚ ጸዓት ስለዘይብሉ እኹል ባተሪ ዝጠልብ ስርዓት እዩ። ኣብ'ዚ ከም ጸገም ዝርአ ዋጋ ባተሪ ኩይኑ፡ ዝዓበየ ክፋል ናይቲ ኑቲ ፕሮጀክት ዝሰልዕ ባጀት ይሓትት። ካብዚ ብደሆ'ዚ ንምንጋፍ እንጥቀመሉ ስርዓት ቀረብ ጸዓት ሕውስዋስ እንተኹነ ይምረጽ። ኣብ ዘይጥሙር ስርዓት ቀረብ ጸዓት ጀነረተራት እውን ስለ ዘለዋ፡ ባተሪ ምሉእ ኣብ ዝኸሉ ዝኸሰት ሕጽረት ኣይህሉን። ደበና ዝዓበለሎ ኩነታት ኣየር ክኸውን እንከሎ ኩኦ እተን ጀነረተራት ተኣሲአን ኣገልግሎት ይህባ። ስለዚ፡ ዘይጥሙር ስርዓት ቀረብ ጸዓት ምስ ቀንዲ መስመር ኤሌክትሪክ እንተድኣ ተዋሲቡ፡ ብዙሕ ባተሪ ዘድልየን ብቐትሪ ኑቲ ብቐንዲ መስመር ዝውሕዝ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ዘሁብትም ሕውስዋስ ስርዓት ቀረብ ጸዓት ይኸውን ማለት እዩ። ንኣብነት እዚ ኣብ ደቀምሓረ ክትትከል ወጥን ወጺኡሉ ዘሎ መደበር ጹሓያዊ ጸዓት፡ ካብ ኣስመራ ንደቀምሓረ ዝኸይድ ቀንዲ መስመር ክዋሰብ እዩ። ክሕግዞ ተባሂሉ ውሑድ ባተሪ'ውን ክግጠመሉ እዩ። ትግባረ እቲ መደብ ንምስላጥ ከኣ ጨረታ ወጺኡሉ እቲ ስራሕ ይኸይድ ኣሎ።

ተራ ተተካኢ ጸዓት፡ ኣብ ኣቕርቦት ጸዓት ልዑል ግደ ኣለዎ። ዝርገሐኡ ኣብ ሃገር ክብ ንምባል ድማ፡ መንግስቲ 360 ሜጋ ዋት ንምምንጫው ዘኽእል መደባትን ፕሮጀክቲታትን ሓንጺጹ ይርከብ ኣሎ። እቲ ውጥን ንጠለብ ቀረብ ጸዓት ሃገር ክብ ዝበለ እዩ። ቀሊል ኣብነት ናይ'ዚ ኣብ መስርሕ ዝርከብ 30 ሜጋ ዋት ከፍሪ ትጽቢት ዝነበረሉ ፕሮጀክት ጹሓያዊ ጸዓት ደቀምሓረ ምጥቃስ ይከኣል።

ሚኒስትሪ ጸዓትን ማዕድንን ንተሓዳሲ ጸዓት ምስ ዘሎ ምዕባለ ብምትእስሳር፡







ንምድንፋዕ ዓቲቡ ካብ ዝሰርሓሎም ዘሎ መደባቱ ሓደ እዩ። ቀንዲ ዕማም እቲ ሚኒስትሪ ኣብ'ዚ መዳይ ድማ፡ ቦታ ፕሮጀክቲታት ምልላይ፡ ዓይነት ኣብ ዝተጸንዐ ዝትከሉ ምንጪ ጸዓት ምንጻር... ወዘተ ኩይኑ፡ ዘድሊ መጽናዕቲ ምክያድ እዩ። ነዚ ንምድላው ከኣ፡ ሚኒስትሪ ጸዓትን ማዕድንን ምስ ልምዓታዊ ወጥናት ሃገር ብምዝማድ ሓንጺጹ ክሰርሓሉ ምዃኑ ኣቶ ተስፋይ ሓቢሩ።

ምንጪ ተሓዳሲ ጸዓት ንምዕባይ ኣብ ወጥን ሃገራዊ ልምዓትን ትሕተ-ቕርጺን ተወሃሂዱ ክኸይድ፡ ምስ ቀንዲ መስመር ክዋሰብ ኣለዎ። ዘይጥሙር ስርዓት ቀረብ ጸዓት ኣበይ እንተተኸለ'ዩ ናብ ጥሙር ስርዓት ቀረብ ጸዓት ዝዋሰብ ንዝብል ከኣ፡ ንኽልቲኡ ስርዓታት ኣገባብት ዝጥመረ መጽናዕቲ የድሊ። ካልእ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዘይጥሙር ቀረብ ጸዓት ዝጥቀማ ከተማታትን ጺጋታት ጎማም ባሕሪ ንምስሳንን ብዝበል መደብ፡ መጽናዕቲታት ንምኽያድ ተወጢኑ ከምዘሎ መብርሂ ዳይረክተር ጀነራል ክፍሊ ጸዓት ኣቶ ተስፋይ ዘካርያስ የጽር።

ይቕጽል

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ቡያ |
| 13:30 | (ዜና ዓረብ) |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:20 | Tech Insight |
| 15:00 | ፓኖራማ |
| 15:50 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:25 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ሽምዓ ሊዩቲ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ስርሒት ባረንቱ 1985 |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | መደብ ቆላሕታ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት |


# ደሃይ ተመረቕቲ 35 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ፡ ብ15 ሓምለ 2023 ኑቶም ኣብ ቅርዓታ ክትካኸሰኸሶም ዝጸንሐት ናይ 12 ክፍሊ ኣካዳምያዊ ትምህርቶም ዝዛዘሙን ግቡእ ወተሃደራዊ ታዕሊም ዝወሰዱን ኣባላት መበል 35 ሃገራዊ ኣገልግሎት ናይ መመረቕታ ስነ-ስርዓት ኣካዪዳትሎም ምንባራ ይዝከር። ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ምስ ተመረቕቲ መበል 35 ዙርያ ሃገራዊ



ክፍሎም ተኽለወይኒ



ሶልያና ሳሙኤል



ሲልቫና ተስፋልደት

ኣገልግሎት ኣብቲ ዓመት ምሉእ ናይ ኣካዳምያዊን ወተሃደራዊን ስልጠናታት ዝዛዘሙሉ ተረኺብና ነይርና። ምስ ተመረቕቲ ዘካየድናዮ ዕላል እንሆ፡ ሰናይ ምንባብ።

ፈለማ ዝረኸብናያ፡ ካብ ቤት ትምህርቲ ጀሃን ንኡስ ዞባ ሞልቂ ዝመጸኣት ተመራቒት ልዋም ዓንደብርሃን ንሓፈሻዊ ኩነታትን ርድኢታን ብዛዕባ ሳዋ ኣመልኪታ፡ "ሳዋ ቅድሚ ምምጽኣይን ድሕሪ ምምጽኣይን ዘለዋ ፍሉይነትን ተመሳሳልነትን እንክነጻጸር ፍጹም ምትእሳር ዘይብሎም ክልተ ኣንጻር ጫፋት እዮም ኮይኖምኒ። ምኽንያቱ ካብ ገዛ ክብገስ እንከለኹ፡ ካብቶም ቅድሚ ሕጂ በጺሖማን ረጊጾማን ዘይፈልጡ ሰባት ዝተዋህበኒ ሓበሬታን ኣብ ባይታ ዝጸንሓኒ ኩነታትን ዘይራኸብ እዩ ኮይኑኒ" ትብል።

ንሳ፡ "ልዕሊ ኹሉ ዝመሰጠኒ ግና ፍሉይነት ኣባላት መበል 35 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት እዩ። ምኽንያቱ ዘይከም ዝሓለፉ ዙርያታት እንተስ ዕድለኛታት ኰይንና፡ እንተስ ተፈጥሮኣዊ ባህሪ ሳዋ ኣብና በጺሑ ተዓጊሱ፡ ኩነታት ኣየራ ጠልን ዛሕሊን ዝዓብለሎ ግዜ ኢና ከሕልፍ ክኢልና። በዚ ድማ እታ ኩነታት ኣየራ ከም ቡዳኒ ክትግለጽ እትሰማዕ ሳዋ ከምቲ ሰብ ዝብሎ ዘይኮነትስ ካብ ጸባሕ ናብ ጸባሕ ምቅርቲን ተሃራፊትን እናኾነት መጺኣ። ስለዚ፡ ዜጋታት ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ መንእሰያት ካብ ብቤላቤለው ብኣካል መጺኦም ከስተማቕሩዋ፡ ፍቕራን ሓድነታን ዝምስክሩሉ ሃዋህው ናጻ ብምዃኑ ኑቲ ዕድል ክጥቀምሉ ኣዘኻኽር።"

ሱመያ መሓመድ ኣባል 35 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ካብ ቤት ትምህርቲ ድያእ - ከባቢ ኣኽርያ ብግደኣ፡ "ናብ ሳዋ ድሕሪ ብምእታወይ ካብቶን ቀዳመን ዝኣተዋ ደቂ ዙርያይ ጸቡቕ ናይ ምቕባል ስነ ስርዓት እዩ ተኻፊዱለይ። ፈለማ ኣባላት እምበር ከማይ ተመሃሮ ኣይመስለንን። በዚ ከኣ ሰባት ከመይ ገይርካ ትቕበልን ትሕግዝን ንኽፍለጥ ዘይሃቦ ኣበርክቶ ዝበደፈለይ እዋን እዩ ኮይኑ።

ብሓፈሻ መብዛሕትኡ ተመራቒ ናብ ሳዋ ቅድሚ ምምጽኡ ዝበሮ ኣካላዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ኣካዳምያዊ ከምኡ'ውን ስነ-ኣእምሮኣዊ ንቕሓትን ድሉውነትን ኣዝዩ ድሩት እዩ ነይሩ። ሳዋ ግና ብኹልንተናና ብቑዓት ኮይንና ንክንወጽእ እምነ ኩርናዕ መጺኢ መንእሰያት ኤርትራ እንተ በልክዋ ኣየጋንኩን" ክትብል እያ ተረድእ። ብዘይካዚ ኣብታ ካብ ዝተፈላለዩ ዞባታትን ብሄራትን ዝመጽኡ ተመሃሮ እትራኸበን እተላልን ማዕከን መንእሰያት ሳዋ፡ ንዓመት ምሉእ ብሰላም፡ ፍቕሪን ሓልዮትን ክትነብር ምኽኣል ልዕሊ'ቲ ኣሕዋት ኣብ ሓንቲ ስድራ ሓቢርም ክቀራረቡን ክተሓላለዩን ክትርኢ ፍሉይ ስምዒት ከምዝፈጥር ተመልክት። በዚ መንገዲ ኣቢላ ከኣ ሱመያ ብቐጽሪ ሓደት ዘይተሉ ዓርኩመሓዛ ከሰብ ክትወጽእ ከም ዝኽኣለት ኣተንቢሃ።

"ነገራት ክሽዮ ብሞገዕዳ ዝያዳ ቀራቢካ ንኽተስተማቕርም ዕድል ምስ ዝህልወካ ጥራይ ኢኻ እንታይነቶም ብልክዕ ኀሊሓም ክረኣዩኻ ዝኽእሉ። ሳዋ ድማ ዝበረና ድሩት ኣረኣእያን ኣተሓሳስባን ኣልያ፡ ብሩህን ሰፊሕን ኣተሓሳስባ ንኽህልወና ባይታ እተጣጥሕ መንገዲ ህይወት ኮይና ረኺብያ።" ዝበለት ተመራቒት ሃገራዊ ኣገልግሎት ሲልቫና ተስፋልደት ካብ ቤት ትምህርቲ ሰማእታት - ኣስመራ እያ። ሲልቫና ኣብ ሓበሬታኣ፡ "ኣብ ኣካዳምያዊን ማእቶታዊን ብሓፈሻ ኣብ ኩሉ መዳያዊ ንጥፈታት ሳዋ ከኣ ብፍላይ፡ ምስ ዝተፈላለዩ ባህርን ቋንቋን ዘለዎም ተመሃሮ ክንብሩ ምጅማርም ኣብ ፈለማ ናይ ዘይምርድዳእ መንፈስ ከይሰርጽ ስግኣት ከምዝነበሩ፡ እንተኾነ ብጉብረ ልዕሊ ትጽቢታ ፍቕርን ሓድነትን ዘማእከለ ዘደርሳዕ ህይወት ክትሕልፍ ከም ዝኸኣለት ትጠቅስ።

ካብ ቤት ትምህርቲ ሶይራ - ሰንዓፈ ዝመጸኣት ተመራቒት ፍረሰላም ሓጎስ ብግደኣ፡ "ሳዋ፡ ኩሉ ኣብ ኩሉ እትረኽበላ ማዕከን እያ።" ድሕሪ ምባል፡ "ሱብ ብባህሩ ብእምነት ኮነ ብመልክዕ ካብ ናብ ክፈላለ ዝብር እዩ። እዚ ምስ ምዃኑ ብሓባር ክትምገብ፡ ክትድቃስ፡ ክትመሃር ኮታስ መዓልታዊ ንጥፈታት ህይወትካ ሓቢርካ ክትነብሩ ምፍታን ምናልባት ዝዩረኣየ ኣብ ፈጠራዊ ዛንታ ጥራይ ዝርከብ ህይወት እምበር ክውንነቱ ዘጠራጥሮ ብዙሕ እዩ። ኣብ ሳዋ ዘሎ ሃዋህው ግን ብልክዕ ኑቲ ዛንታ ናብ ግብሪ ዝልወጥ ተኣምራታዊ መንፈስ (ሓይሊ) ከምዘሎ ዘመስከረለይ ፍጻመ እዩ ክኸውን በቒዑ። በዚ ድማ እየ ንሳዋ መኽዘን ኩሉ ነገር ኢለ ክሰምያ ዝደረኽኒ" ትብል። "እዚ ዝገለጽ ዘለኹ ኩሎም እቶም ማይ ሳዋ ጥዒሞም ኣብ ዝተፈላለዩ ዕማማት ሃገር ተዋፊርም ዘለዉ ተረኪቦቲ ሕድሪ መንእሰያት ዝምስክርዎ ሓቂ እዩ። ኣነ ኩብሎም ዝደሊ ዘለኹ ግና ኑቶም ፈጺሞም ናብ ሳዋ ወሪዶም ዘይፈልጡ መንእሰያትን ተመሃሮን ዝዓለመ እዩ" ብምባል፡ ኣባላት መበል 36 ሃገራዊ ኣገልግሎት ምድልዋቶምን ምጽፋፎምን ኣጠናቒቖም ናብ መዲና መንእሰያት ሳዋ ክግስግሱ ተላብዩ።

ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ ንመበል 35 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ሒዛ ዘሰላሰሉቶ ኣካዳምያዊ ንጥፈታታት ኣብ ወርሒ መጋቢት ብዓወት ከምዝዘዘሙቶ ዝፍለጥ እዩ። ኣብ ሳዋ መሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ምስተን ኣብ ካልእ ኩርናዓት ሃገርና ዝርከባ ኣብያተ ትምህርቲ እንክነጻጸር ኣዚዩ ፍሉይ ምዃኑ እዩ ። ነዚ ኣመልኪታ ኤደን ሃብተኣብ ካብ ቤት ትምህርቲ ሓላይ ኣስመራ፡ "እቲ ፍሉይ ዘብሎ ረቛሒ፡ ተመሃሮ ነሐድሕዶም ተመካኸሮን ፍልጠትን ዝለዋወጡሉ መድረኽ ብምህላዉ እዩ። ሓደ ተማሃራይ ሊይቲ ምስ መዓልቲ ኣጽኒዑ ካብ መማህርቱ ጸብለል ኢሉ ክትርእዮ ዘለገስ እኳ እንተኾነ፡ ኢዱ-እግርኻ ኣጣሚርካ ንኽይትርእዮ ዝቕስቅሰካ ቅዱስ ቅንኢ ክሓድረካ ካብ ዝደፋፍኡ ተወሰኽቲ ረቛሒታት'ውን እዩ። በዚ ምኽንያት እቲ ኩነታት ሓያል ናይ ተወዳዳርነት ወኒ ዘለዓዕል ብምዃኑ፡ ሳዋ ኣገዳስነትን እንታይነት ትምህርትን ብንጹር ኀሊሑ ዝረኣየላ ስፍራ እንተበልክዋ ዘጋንኩ ኣይመስለንን" ትብል። ኣስዒባ፡ "ብኸምዚ ዝጀመረ ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ፡ ተመሃሮ ኣተኩርና ኣብ ትምህርቲ ጥራይ ክንንብር'ዩ ደሪኹና" ብምባል፡ እቲ መስርሕ ክሱብ'ቲ ናይ መወዳእታ ኣካዳምያዊ ንጥፈታት ሳዋ ማለት ማትሪክ ዝቐደሉ ግዜ ከምዝቐጸለ ትጠቅስ።

ትምህርቲ መርሖ ኩሉ መዳያዊ ምዕባለ እዩ። እዚ ብምዃኑ፡ 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ ሳዋ ተመሃሮኣ ካብ ትምህርቲ ክርከብ ዝኽእል ኩሉ ዓይነት ፍልጠት ንምድላብ፡ ኣብ ዕቱብ ንጥፈታት እያ ተጸሚዳ ኣሕሊፋቶ። ኣባላት 35 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት 'ውን እንተኾኑ ተቋደስቲ ናይዚ ዕድል ንምዃን ቀዳምነት ብምሃብ ኣለይቲ ተመሃሮን መምህራንን ዝርከብዎም ጉጅለታት ክሰብ ናብ መዝበርን መደቀሲ ክፍሊን ተመሃሮ ብምምራሕ፡ ትምህርታዊ ሓገዛት ኣብ ምስልሳል ቀሊል ዘይኮነ ዕማማት ከም እተኻየደ፡ ካብ ቤት ትምህርቲ እምባ ሃራ ዝመጸት ተመራቒት ሶልያና ሳሙኤል ትገልጽ።

ራሄል ጸጋዘኣብ ካብ ቤት ትምህርቲ ቅዱስ የሴፍ ላሳለ - ከረን ዝመጸት ተመራቒት መበል 35 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብወገና፡ "ከም ኩሎም ተመረቕቲ ናብዚ ዕለት ምብጻሐይ ብጣዕሚ ደስ ዝብል እዩ። ሳዋ እግረይ ካብ ዝንበረላ ዕለት ክሳብ ናብዛ መመረቕታ ዝበጻሕኩላ ህሞት ብርክት ዝበለ ነገራት ክኸስበላ ክኢለ ኣለኹ። ልዕሊ ኩሉ ካብቶም ብዓይኒ ዝረኣዩ እቶም ክጭብጡን ክረኣዩን ዘይኽእሉ ጭኢታታት ምንባር ስቲቕ ክወጸእ ምቕራብዩ ምሰጋናይ ንሳዋ ወሰን የብሉን። ብሓፈሻ ንሳዋ ዝገልጽ ቃላት ይሓጽረኒ እዩ። ኣጠቓሊለ ክገልጻ እንተ ኾይነ ግና ሳዋ ኣደ እያ፤ ሳዋ መምህር ፍቕሪ እያ፤ ሳዋ ሕላገት ጽንዓትን ሓድነትን እያ፤ ኢለ ምሰየምክዋ" ብምባል ዝርዝራዊ መብርሂ ሂባ።

ክፍሎም ተኽለወይኒ ካብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ማይድማ ብወገኑ፡ ኣብቲ ኹነታት ተመረቕቲን ሳዋን ኣመልኪቱ ዘቕረቦ መብርሂ፡ "ኣሕዋተይ ዝበጽሕዎ ደረጃ ንምብጻሕን ናይ 12 ክፍሊ ኣካዳምያዊ ትምህርተይ ከምኡ 'ውን ሃገራዊ ኣገልግሎት ንምፍጻምን እየ ናብ ሳዋ ኣምሪሐ፡ ህይወት ሳዋ ምስ ዝተፈላለዩ ዓይነት ሰባት ዘራኽብ ኣጋጣሚ ብምዃኑ ዘይሃዳቕ ተመኩሮ ክትቀስም ዓብ ዘርሑ ኩነት እዩ" ብምባል ንተራን ኣገዳስነትን መዲና ሳዋ ኣብ ጉዕዞ ህይወት መንእሰያት ከረድእ ዝሀቅን። "35 ዙርያ ውን እንተኾንና ንኹሉ ኣካላዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ኣካዳምያዊን ስልታዊ ጥበባትን ብዘርርም ወህደት ብምስጋር፡ ኣሰር ዓበይቲ ኣሕዋትና ንምስዓብ ወትሩ ኣብ ንጡፍ ምርሻ እንርከብ ሸባባት ኢና" ክብል ይገልጽ።

ኣርሴማ ኣማኒኤል ካብ ቤት ትምህርቲ ሰማእታት ኣስመራ ብወገና፡ "ምርኣይ ምእማን እዩ ከምዝበሃል መንእሰያት ንሳዋ መጺኦም ክርእይዋን ህልዊ ኩነታት ከለለዩን ጥራይ እየ ዝመክር። ልዕሊ ኩሉ፡ ሰባት ከም ገጾምን ጠባዮምን ናይ ምቕባልን ምትሓዛዝን ብቕዓት ኣጥርየ ይወጽእ ብምህላወይ ጥራይ ዕጉብ እየ። ካልእ ተተረፈስ ካብ ትሽዓተ ብሄራት ዝመጹእና ተመሃሮ ብምዃንና ማስተዪ ማይ ዝኾናኒ ቋንቋ ውን ሓዚ ይወጽእ ብምህላወይ ድርብ ረብሓ እዩ" ትብል። "ኣብዚ ግዜ'ዚ ዓቕሊ ገይርና ንኹሉቲ ኣለይቲናን መምህራንናን ዝበሉና መምርሒታት ሳላ ዝሰማዕና እነሆ ናይ ዓመት መመላእታ ጸንሖትና መዘምሚ ገይርናለሱ፡ ድሮ ከማን ገጽ እቶም ንፈትምም ስድራናን ኣሕዋትናን ንምርኣይ ቀሪብና ኣሎና። ጸንሖት ሳዋ ኣዚዩ ጥዑም ነይሩ፡ ናፍቖት ገዲፉ። ምኽንያቱ ካብ ወለዲ ብዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ተፈሊና ዘይንፈልጥ ብምዃንና ኣብቲ ፈለማ ክብድ ክብለና እዩ ክኢሉ። እንተኾነ ሳላ ዘይሕለል ጻዕሪን ኣላይትን መማህራንና፡ ኣብ ሳዋ ዝጸናሕናሉ እዋን ቀሊልን ወሓሰን ኮይኑ ክቐጽል'ዩ ኣኽኢሉና" ብምባል ድማ ንሓሳብ ተራጉደ።

ኣባላት መበል 35 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ መወዳእታ፡ ኣብዚ ደረጃ'ዚ ንኽበጽሑ ኣበርክቶ ኣለይቲ ኣባላትን መምህራን ኣዚዩ ልዑል ምንባሩ ብምጥቃስ፡ "ክብርን ምስጋናን ነዐኦም ይኹን" ኢሎም። ንሳቶም ወሲኾም፡ ሓብሒቦም ዘዕበይዎምን ዘምሃርዎምን ወለዲ ብፍላይ፡ ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ ድማ ብሓፈሻ ንዘገበረሎም ውዕለት ኣብ ዝለዓለ ደረጃ በጺሖም ህዝቦምን ሃገሮምን ንምኽሓስ ብዝለዓለ ከም ዝሰርሑን ሕድሪ ሰማእታት ብዓጸፋ ዓያይነት ክድኑብሱን ቃል ኣትዮም።



ሱመያ መሓመድ




ኤደን ሃብተኣብ



ኣርሴማ ኣማኒኤል



ልዋም ዓንደብርሃን



ራሄል ጸጋዘኣብ

# ሸባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# ዕብየት መንእሰይ፡ ዕብየት ሕብረትሰብ

ጀሚል ስዒድ

ህይወታውያን ብባዮሎጂያዊ ስርዓቶም ዓበይቲ እዮም። ህይወታውያን ካብቲ ዝልለይሉ ባህሪ ሓደ ዕበየት እዩ። ኣትክልቲ፡ ሓሳኹ፡ ሰብ ... ኩሎም ብተፈጥሮኣዊ መስርሖም ክዓብዩ ይግደዱ። እንተ ዘይዓብዮም ይሞቱ። እዚ ኣብ ህይወታውያን ዝርአ ዕብየት፡ ነቲ ኣካላዊ ዕብየቶም ዝውክል እዩ። ንኣብነት ኣብ ሰብ፡ ክንዲ ምንታይ ፈሊጡ፡ ክንዲ ምንታይ ተማሂሩ፡ ክንዲ ምንታይ ሰሪሑ፡ ነቲ ባዮሎጂያዊ ዕብየቱ ክጸልዎ ኣይክእልን፣ ጥራይ ይብላዕ፡ ይስተን የስተንፍስን እምበር ክዓቢ'ዩ። ቀዳሞት ኣቦታትና ቀለም ኣይቀሰሙን፣ ግና ይዓብዩ ነበሩ። ሰብ ካብ ዘርኢ ናብ ድቂ፡ ካብ ድቂ ናብ ዕሸል፡ ካብ ህጻን ናብ ቈልዓ፡ ካብ ቈልዓ ናብ መንእሰይ፡ .... እናተሰጋገረ ይዓቢ፡ ዓብዩ ይኣርግ፡ ይመውት ድማ። እዚ መስርሒ ዕብየት ናይ ሓደ ሰብ እዩ። መስርዑ ደኣ ይፈላለ እምበር ኣብ ካልኦት ህይወታውያን'ውን ሓፈሻዊ ኣምሩ ንሱ'ዩ።

ሓደ ሰብ ኪንዮ'ቲ ናይ ባዮሎጂያዊ ዕብየት ግዴታኡ፡ ኣእምሮኣዊ ዕብየቱ ኣዝዩ ኣገዳሲ ይገብሮ። ሰብ ክመሃር፡ ክፈልጥ፡ ክመራመር፡ ክፍትን፡ ክሰርሕ፡



ሞያ ክገብር፡ ክልውጥን ክምዕብልን እንተ ዘይክኢሉ በዚ ካልኣይ መምዘኒኡ 'ኣይዓበየን' ክብሃል ይከኣል። እቲ ቀዳማይ መምዘኒኡ ዝበዝሐ እዋን ሕቶ ኣይኮነን። ፈጣሪ እንተ ዘይቀዲሙስ ግንድ ክዓቢ'ዩ። ንኹሉ ክበልዕን ክሰትን ዝኽኣለ ብማዕረ ዝብጽሐ ዕብየት ስለ ዝኾነ። እንተ ኣእምሮኣዊ ዕብየት ግን ካብኡ ኣመና እተፈልየ እዩ። ገና ካብ ኣብ ኩብዲ ኣደኡ እንከሎ ምስራሕ የድልየ። ብግቡእ ክመሃር የድልየ። ስለ እተማህረ ጥራይ ዓብዩ ማለት ኣይኮነን። በቲ እተማህሮ ኣቢሉ ክሰርሕ የድልየ። ስራሕ ሒዙ ጥራይ'ውን ደው ዝብል ኣይኮነን፣ ዝያዳ ክመራመር፡ ክፍትን፡ ሞያኡ ከዕቢ የድልየ። ከምኡ ጥራይ ገይሩ'ውን ዕብየቱ ደው ኣይብልን።

በቲ እተማህሮ፡ በቲ እተመራመሮ፡ በቲ ዝበጽሖ ደረጃ ኣቢሉ፡ ነብሱ ይልውጥ፣ ቍጠባዊ ዓቕሙ የደልድል። ምኽንያቱ እቲ በጺሑዎ ዘሎ ደረጃ ናብ ገንዘብ እንተ ዘይቀይሩዎ ፋይዳ ኣልቦ ጸጋ ስለ ዝኾነ። ጸጋኡ ንዕኡን ነቲ ዘማቕሎ ሕብረተሰቡን ከገልግል ስለ ዘለዎ። ንሱ ብኹሉ እንተናኡ እንተ ዓብዩ፡ ሕብረተሰቡን ሃገሩን ይዓብዩ ኣለዉ።

ሃገር ቃል ብቓሉ ግዛዕ እዩ። ከምቲ ደጋጊምና እንሰምዖን ዝርድኣናን ከኣ ሃገር ማለት ህዝቢ ማለት'ዩ። ሓርበኛ ኣቦና ወልደኣብ ወልደማርያም በቲ ጥዑም ላዛ ዘሎዎ ዓንቀጻቶም ብዛዕባ 'ሃገር' ጽቡቕ ገይሮም ኣብሪሆሞ ከም ዘለው'ዩ። ሃገርካ እቶም ህዝቢኻ ዝነብሩሉ መሬት'ዩ። ሃገር ክዓቢ እንከሎ እምባታትን ስንጭሮታትን ናብ ሰማይ ገጾም ኣይስጉሙን፡ ቀላያት'ውን ኣይዓምቑን ኣይገፍሑን። ዕብየት ሓንቲ ሃገር፡ ብዕብየት ናይቲ ሓቑፋቶ ዘላ ህዝቢ ይዕቀን።

ህዝቢ ናይ ሓንቲ ሃገር ኣብ ማእገር መንሰይ ስለ ዝምርኩስ፡ ኩሉ እቲ እታ ሃገር ክትረኽቦ እትኽእል ዕበየት ኣብ ማእገር መንእሰያ እዩ። ስለዝኾነ ኸኣ ሃገራት ብዝከኣለን ዓቕሚ ዝበዝሐ ወፍረን ናብ ምኹስኳስ መንእሰያተን ክገብራ ዝግደዳ። መንእሰይ ብፍልጠትን ሞያን እንተ ዓብዩ፡ ፍልጠቱን ሞያኡን ብኽድኡ እናርበሐ ዝኸይድ እንተ ኾይኑ፡ ሕብረተሰቡን ሃገሩን ኣብ ደርማስ ማእገር ይሓኾሩ። ዕብየቶም እተለለየ ደረጃ ከም ዝህሉዎ ይገብር። ሃገርን ሕብረተሰብን ንመንእሰያቶም ጥዑይ ኣገልግሎት ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ሞያን ዕድላትን ክህቡዎም እንከለው፡ መንእሰያት ነዚ ተጠቂሞም ንሕብረተሰቦምን ሃገሮምን ይስከምዎም። ኣብ ኩነታትና እንተ መጺእና፡ መንግስትናን ህዝብናን ካብ ጽባሕ ናጽነት ኣትሒዙ ሃገር ንምህናጽን ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስን ክቃለስ ከም ዝጸንሐን ይቃለስ ከም ዘሎን ኩሉና ኢድና ሓዊስና ንሰርሓሉ ሰለ ዘለና ነጋሪ ኣየድልዮን። እቲ ብስማዊ ክፍሊት ክንመሃር እንክለና፡ ኣገልግሎት ጥዕና ክንረክብ እንክለና፡ ዓሰርተታት ኪሎሜትሮታት ተጓዒዝና ንመሃሮ ዝነበርና'ሞ ኣብ ቀርዓት ዓድና ዘይምውጻእና፡ ... ወዘተ. ኩሉ ዋጋ ኣሎዎ።

መንእሰይ ክንዲ'ዚ ዝኣክል ጾር'ዩ ዘሎዎ። ሃገርን ሕብረተሰቡን ኣብ ማእገሩ'ዮም ዝነብሩ። ሓደ ሰብ ንሚእቲ ኩንታል ብሓደ ግዜ ተሰኪሙ ከግዕዞ ዝከኣል ኣይኮነን። እዚ መንእሰይ ዝስከሞ ጾር ከኣ ከምኡ'ዩ፣ ብሓደ ግዜ ዝለዓል ኣይኮነን። ሓደ መንእሰይ ብውልቁ ዘልዕሎ ጾር ተደሚሩ'ዩ ሚእቲ ኩንታል ከም ዘልዕል ዝገብሮ። መንእሰይ በቲ እተኽፍተሉ ኣካድያምያውን ሞያውን ናይ ትምህርቲ ዕድል ተጠቒሙ ነብሱ እንተ ኣምሂሩ፡ በቲ እተመደበሉ ስራሕ ተመኩሮኡ እንተ ኣዕቢዩ፡ ኣብ ርእሲኡ ፍልጠቱን ሞያኡን ንምዕባይ እንተ ኣንቢቡን ተመራሚሩን፡ ፍልጠቱን ተመኩሮኡን ብዘይ ተጐላባነት ንምንኣሱ ኣሕዋቱ እንተ ኣማቒሉ፡ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ዕበየት'ዩ ዝድየብ። እታ ብውልቁ ዝገበራ ንእሽተይ ትኹን ዓባይ እያ ኸኣ ተደሚራ ንዕብየት ሃገርን ሕብረተሰብን እተረጋግጽ። እዚ ዕብየት'ዚ ድማ ቅድሚ ኩሉ ነቲ መንእሰይ የርብሕ።

## ሓሳባት

# ምስ መካኒክ ንመሳሰል

ኣሮን ተስፋኣለም

"ካብታ ነዚ መካኒክ ዝህቦ፡ እዛ መኪና ዘይነበራ ብልሽት ኣምጺኣ። እዞም መካኒክ'ኮ መትሓዚ ስኢንናሎም። ከይሰረቑ ዘይኩነሎም በቃ! እንተ ዘይሰረቑ ኸኣ ዝኣረገ ንብረት ኣብ መኪናኻ ገጢሞም 'ሓድሽ ጌርናልካ' ይብሉኻ። ኣነስ ሰሙን ኣይገብርን ንመኪናይ ካብ ጋራጅ ካብ ዘውጽኣ ኖ!"

"ፊኖ መካኒክ ከሎስ... ግን... ኣላቶ።"

"ወርቂን ሓውን'ያ እታ ኢዱ።"

እዚ ኹሉስ ንመካኒክ? ሓቂ ድዩ ኸ? እዝጊ ነየፍለጠና። ሰብ መካይን/ኣውቲስታታት ከኣ ናይ ባዕሎም ከቢድ ጸገም ኣለዎም በጃኻ! ይዝውሩ፡ መኪንኦም ግን ኣይፈልጥዋን። ይዝውሩ፡ መኪንኦም ግን ስሩዕ ወቕታዊ ክንክን (ሰርቪስ) ኣይገብሩላን። ይዝውሩ፡ ብልሽት ናይ መኪንኦም ኣብቲ ዝበኣሰ ደረጃኡ ምስ በጽሐ፡ ናብ መካኒክ ይወስዱዋ። በቃ ምዝዋር ጥራይ።

ምናልባት 'መኪናይ ተባላሺያ' ኢልካ ንሓደ መካኒክ ትህቦ ንበል። ንሱ ኸኣ ነታ ቀንዲ ጸገም ኣለልዩ የዐርየልካ። ጸኒሕካ ኸኣ 'ጽቡቕ ጌርካ ኣየዐረኻያን' ወይ 'ዘይነበራ ብልሽት ኣምጺእካላ' ኢልካ ትምለሶ። ዝኾነ መካኒካዊ ኣቕሓ ብግቡእ ኣቓዲምካ ክትከናኸኖ እንተ ዘይጸኒሕካ፡ ብልሽት ብኣግኡ ወላ'ውን ኣብ ናይ ብልሽት ደረጃ ከይበጽሐ፡ (ለውጢ ኣብ ድምጺ፡ ኣብ ሽታ፡ ኣብ ትኪ፡ ወዘተ ብምርኣይ ጥራይ) ንመካኒክ ክትውከሶ እንተ ዘይክኢልካ፡ ንኻልእ ጥዑይ ክፋል ናይታ መኪና ክለኽኽም ይኽእል። ልክዕ ከምዚ 'ኮሮና ተለኺፎም ከለዉ ምልክታት ከየርኣዩ ዝጸንሑ ሰባት ኣለዉ' ዝበሃሉ ዝነበሩ፡ ናይ መኪና ብልሽታት ድማ በቶም ብኣጋኡ ክንፍውሶም ዘይከኣልና ብልሽታት ተለኪሞም ምልክታት ከየርኣዩ ይጸንሑ። ደሓር ኣደዳ ምምልላስ ናብ መካኒክን ኣደዳ ብመካኒክ ምምራርን ይስዕብ።

ኣብ ሃገራት ወጻኢ መኪና ብልሽታት እንተ ጌራ ካብ ከተዕርያ ሓዳስ ክትገዝእ ይምረጽ ይኸውን። ወረ ኣብ ገሊኡስ፡ ንዘረባ ክኾነና፡ 'ካብ መግዝኢ መኪና መጉሓፊ መኪና ይኸብር' እዮም ዝብሉዎ። ኣብ ዓድና ግን ኣብ ጽገና ዘድሃበ ኣገባብ እዩ ዘሎ። ስለዚ መካኒክ ኣብ መብዛሕትኡ እዋናት ክጽግኑ ጥራይ ዘይኮነ ክካውኑ'ውን ይግደዱ እዮም። ብተወሳኺ ኸኣ፡ ካልእ ቅያር ዘይተረኽበላ መኪና (ብሰንኪ ናይ ቀደም ሞዴል ምዃና ቅያር ንብረታ ጠቕላላ ካብ ዕዳጋ ዝተኣልየ)፡ ሓደ መካኒክ ይጣበበላን ካብ ምጒሓፍ የድሕናን። ስለዚ ነዚ ከምዚ ዓይነት ብዓል ሞያ ካብ መካኒክ ጥራይ 'ሓኪም መኪና፡' 'ምሃንድስ መኪና' ክትብሎ ዶ ኣይሓይሽን? ልክዕ'ዩ መካይንካ ኣብ ክጐሓፋሉ ዝግብኦን እዋን ዘይምጒሓፈን ናቱ ምስ ብከላን ሓደጋን ዝተኣሳሰር ሳዕቤናት ኣለዎ። እሞ እዚ ምሩር መካኒክ ነቲ ክመጽእ ዝኽእል ሓደጋን ከባቢ ናይ ምብካል ተኽእሎን ኣጒዲሉ'ኳ'ዩ መካይናት ፈቒዶ ጉደና ሽነን ከም ዝብላ ዝገብረን።

ሓቂ ሓይሽ፡ በቲ ካልእ ሸነኹ፡ ናይ ሰብ መካይን ኩነታት ርዱእ እዩ። ጨፈፍ ኢሎም ዘጥረዩዋ መኪና ክትበላሸዎም ከላ እሞ ኸኣ ምዕራያ ምስ ዝኸብድ - በዚ ልዒሉ ዝተጠቕሰ ምኽንያት - ካብ ስንባደ ዝተላዕለ ንመካኒክ ክመዓትዎ ባህርያዊ ይኸውን። መካኒክ ብዝከኣሎ ዓቕሚ ንመካይኖም ክጽግን ሓኾት ዝብል ነዚ ኩነታት ናይ ሰብ መካይን ስለዝግንዘቦ እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ መካኒክ ሕማም መካይን ጥራይ ዘይኮነ ዝፍውስ፡ ጥዕና ናይ ዋናታት መካይን'ውን ክከታተል ይግደድ።

መኪና መካኒካውን ኤለክትሪካውን ክፋላት ዝሓዘት ስለዝኾነት ብልሽታት ካብዚ ወጻኢ ክኸውን ኣይክእልን። ስለዚ እቲ መኪና ዘዕሪ ብዓል ሞያ ፊኖ መካኒክ እዩ ክንብሎ እንተ ኼንና ነዚ ክልቲኡ ክፋላት ናይ መኪና ዝርድኦ ክኸውን ኣለዎ። ብተወሳኺ'ውን እዘን ሓደስቲ ሞዴላት ኣዝየን ምዕቡላት (ኮምፒተራትን ሰንሰራትን ዝመቈጻጸሪኦን) ስለዝኾና መፈተሺ (ተስተር) ጌርካ፡ ብዙሕ ከይደኸምካ፡ ጸገመን ኣብ ከተለልየሉ ዘኽእል ደረጃ ተበጺሑ ኣሎ። ኣብዚ ዘለናዮ እዋን ሃይብሪድ ዝበሃላ፡ ኤለክትሪክን ነዳድን ዝወስዳ ሓደስቲ መካይን ሓሓሊፈን ክረኣያ ጀሚሐን ኣለዋ። ብኤለክትሪክ ጥራይ ዝንቀሳቐሳ'ውን ካብ ምቅ'ል'ቓል ኣየዕረፋን። ኣብ ዝመጽእ እዘን ብኤለክትሪክ ጥራይ ዝንቀሳቐሳ ንጽርግያታት ክብሕተኦ ምዃነን ኣየጠራጥርን። ስለዚ መካኒክ ዝጽበዮ ዘሎ ምስ ትኪን በኽልቲ ጋዛትን፡ ምስ በንዚናን ናፍታን ዘይተኣሳሰር ጥዑይ መጻኢ እዩ። ሰብ መካይንን ኣጋርን ከኣ ብተመሳሳሊ ተቓደስቲ ናይዚ ጥዑይ መጻኢ ኣብ ምዃን ክበቕዑ እዮም።

ምግናን ከይመሰል ደኣ'ምበር ካብቶም ወነንቲ መካይንን ካብተን መካይንን ዝበዝሑ መካኒክ ኣለዉ። እዚ ኸኣ ሓደ ዓቢ ብልጫ'ዩ። ምኽንያቱ እዞም ኩሎም መካኒክ ኣኪብካ ኣነ ዝበላ መካይን ክሰንዑልካን ክፍርዩልካን ዓቕሚ ኣለዎም። ክንድ'ዚ በዚሖም ዘለዉ መካኒክ ምብዝሖም ከኣ ምናልባሽ ኣብ ዓድና ሓደን ልዕሊ ሓደን ፋብሪካ መፍረዪ መካይን ንኽጅምር ጽቡቕ ፋል ወይ ልክዕ ከምዚ ፓብሎ ኩልዮ 'ኦውመን' ዝብሎ ክኸውን ይኽእል። እወ! ድሕሪኡ ወነንቲ መካይን ብዛዕባ መኪንኦም ብዓባያ እንተ ዘይኩይኑ ብዛዕባ ንኣሽቱ ክፋላት ኣይክዛረቡን'ዮም፣ ብዛዕባ ሓዳስ ሞዴል መኪና ምቕያር እምበር ብዛዕባ ብልሽታትን መካኒክን ምጭብርባር ክገድፉዎ እዮም።

መካኒክ ናይ ዓድና፡ እቲ'ኳ ነዘን መካይናትና ምስ ኩለንትናና ንኽሰማምዐን ዘይሕለሉ፡ ንዝመጽእ ቴክኖሎጂያዊ ለውጢ ናይ ኣውቶሞቲቭ ናይ ምምላኽ ብቕዓት ኣለዎ። ባህ እንተ'ይልዎ፡ ኣርተፍሻል ኢንተለጀንስ ኣጽኒዑ፡ ብዘይ ኣውቲስታ ትኸይድ መኪና ሰሪዑ፡ ነዛ ኹላ ኣውቲስታ ካብ ስራሕ ወጻኢ ክገብራ ዘኽእሎ ዓቕሚ ክድልብ ኣይጽግሞን'ዩ'ሞ ምስኡ ምምስሳል።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ስቡሓት ኣብርሃም ተኸስተ ምባል ተረፉ፥ ስቡሓት ኣብርሃ ከስተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/9/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ።

ከሳሲት ሰሚራ ተኽሉብርሃን ተሰፋእንድርያስ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ኢሳቕ ኣለም ጉብሩ ንናይ ሞግዚትነት ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ቅረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማእከል ከተማ

ወ/ሮ ምብራቕ ተሰፋጽዮን፡ በዓል-ቤተይ ኮኾብ በየነ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ት ሳምራዊት ፍጹም፡ ኣደይ ሉቲና ጉብሩ ኣርኣያ ስለዝተሰወአት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣኽርያ

ተለንተ ፍጹም ሰረቐ፡ በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ምሕረት ኣረፈ ስለዝተሰወአት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 2 ደቃ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣዜብ ሳህለ ጉቡኡ፡ በዓል-ቤተይ ቀሺ ሃብቶም ብስራት ገብረወልዲ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገጀረት

ወ/ሮ ምሕረት ወልደገብርኤል ባህታ፡ በዓል-ቤተይ ገብረዝጊ ንጉሰ ኣዶንያስ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 17 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ትዕበ ኣፈወርቂ መርሃዊ፡ በዓል-ቤተይ የሴፍ ኣርኣያ ስለዝተሰወአ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ

ኣቶ ሞገስ ግርማይ ተሰፋሚካኤል፡ ኣቦይ ግርማይ ተሰፋሚካኤልን ኣደይ ሙብራት ተኽለሚካኤልን ስለዝዓረፉ፥ 9 ደቆም ድማ መሰል ወርሲ ስለዝጸገ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፍረወይኒ ዘርኣይ ክፍለማርያም፡ ኣቦይ ዘርኣይ ክፍለማርያም ጊላጋብር ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ወ/ሮ ለተንገሰ ኣብርሃ ተወልደ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣማኒኤል ንጉሰ ዑቕባጽዮን ሕጋዊ ወኪል ወ/ሮ ሂወት ርእሶም ዘርኡ፥ ናይ ማኪና ሰ/ቁ ER1.17718 ቻሲ WOL00089 M 1186217 ዝኾነት ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ወ/ሮ ታየሽ ተገኙ፡ በዓልቤተይ ተሰፋይ ደባስ ከበደም ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ በለዛ

ወ/ሮ ዛይድ ተዓደል ተኽሊት፡ ኣቡሓገና ፈተውራሪ ተሰፋገርግሽ ኪዳነ ስለዝዓረፈ፥ ከምኡ'ውን ኣዴና ምዕራፍ ተ/ገርግሽ ስለዝዓረፈት፡ ንኣዴና ተኪእና ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዳዕሮ ጳውሎስ

ኣቶ ገብራኣብ ተኸስተ መሓሪ፡ ኣደይ ለተብርሃን ገብረኣምላኽ ሓደገ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዓዲ ሓውሻ

ወ/ሮ ኣሰፋሽ የሴፍ ገብረእንድርያስ፡ ወለድና የሴፍ ገብረእንድርያስን ደስታ በራኺን ስለዝዓረፉ፥ ኣብ ባንኪ ዝርከብ ሕሳብ ምቅሊት ዝሓትት ዝምልከቶ ኣካል ን16/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ፍቕያ ጨቓምጠ

ከሳሲት ወ/ሮ ናጽነት ቀ/ሳሚኤል፡ ተኸሳሲ ተሰፋሚካኤል ቀ/ኪዳነ ኣብርሃለ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን10/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ሓምድሃሽም ከምኡ'ውን ሒመድ ሃሽም ምባል ተረፉ፥ ሃሽም ሰሌማን ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ሰሞሃር መሓሪ ገ/የሱስ ምባል ተረፉ፥ ሚለና መሓሪ ገ/የሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ዞርያስ ኣርኣያ፡ ተኸሳሲ ጴጋይ ተሰፋማርያም፡ ናይ ገዝበ ክርክር ክሲ ቀሪቡልካ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ን2/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲ ኳላ

ትሕተ፡ ዕድመ ሮዳስ ግርማይ ፍስሃየ ምባል ተረፉ፥ የርዳኖስ ግርማይ ፍስሃየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ትሕተ፡ ዕድመ ኣስማይት ከሰተ ኪዳነ ምባል ተረፉ፥ ሳምራዊት ከሰተ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ኣብ መንጎ ከሳሲ ገብረሚካኤል ማስፍንን ተኸሳሲ ኢሰያስ ኣብርሃምን ዘሎ ናይ ሲቪል ክርክር፡ ሳልሳይ ወገን ተረቋሒ ኣቶ ተሰፋልደት ተኽለ ወልደሚካኤል ን28/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ናቕፋ ከሮስ ኣባይ ምባል ተረፉ፥ ቤተኤል ከሮስ ኣባይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ በርበረ

ወ/ሮ ጺጋ ምሥገና፡ በዓልቤተይ ኣቶ ሃብተማርያም ልጃም ስለዝተሰወአ፡ ምስ 9 ደቀይ ወረሰት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

መሓመድ እድሪስ ዒሳ ሪማን ምባል ተረፉ፥ መሓመድ እድሪስ ዒሳ ራሓን መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/9/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ 03 ከረን

ወ/ሮ ጉያይ እዝዝ ኣስገዶም፡ በዓል-ቤተይ ክብርኣብ ገብረገርግሽ ብርሃ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 6 ደቅና ድማ ኣብ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ንብረት ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ዓዲተከሌዛን

ወ/ሮ ኣበባ የዕብዮ ተሰፋማርያም፡ ወደይ የናስ ተኸስተ ኣብርሃ ተከኤ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ ወላዲኡ ተኸስተ ኣብርሃ ተከኤ ወረስቱ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ተሰነይ

ራጃያ ኣደም ዑመር ምባል ተረፉ፥ ራጃ ኣደም ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሸዕብ ሰውራ ዓዲ ዑመር ተሰነይ

ሰላማዊት ገዘኢ መሓሪ፡ ተኸሳሲ ህያቡ ደበሳይ ገንደር፡ በዓልቲ-ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ኣቶ ኢታኽልቲ በላይ ገብረመድህኑ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ገብረሚካኤል ገብረመድህን ንርኣዮ፡ ዋንኡ ዝኾነት ላንድሮቨር ዝዓይነታ ናይ ገዛ ማኪና ቁጽሊፋ ER-1B-2907፡ ብዕለት 19/7/2015 ሸይጡለይ ስም ዋንነት ናብ ስመይ ከየመሓላለፈለይ ኣድራሻኡ ስለዘይተፈልጠ ይጸውዓለይ ስለዝበለ፣ ን27/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ከሳሲ ኣቶ ገብረሂወት ገብረዝጊ ማህደረ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተወልደ ወልደንትሳኤ ዑቕባት፡ ዋንኡ ዝኾነት ናይ ገዛ ማኪና፡ ቁጽሪ ታርጋ ER1-G,2363 ብዕለት 25/1/2022 60,000 ናቕፋ ሸይጡለይ፥ ስም ዋንነት ናብ ስመይ ከየመሓላለፈለይ ኣድራሻኡ ስለዘይተፈልጠ ይጸውዓለይ ስለዝበለ፣ ን27/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

---

"ለስ ምክፍፋል ጋዝ" ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ናይ ብሕቲ ማሕበር፡ ብዘዕባ ህልው ኩነታት ማሕበር ኣኼባ ሰብ ብርኪ ክካየድ ስለዝደለየ፡ ኩሎኹም ወነንቲ ብርኪ ብኣካል ወይ ብሕጋውያን ተወከልቲ ንዕለት 05/08/2023 ኣብ ዋና ቤት ጽሕፈት ልክዕ ሰዓት 8:00 ቅ.ቀ ክትርከቡ ነተሓሳስብ።

"ለስ ምክፍፋል ጋዝ" ሓዝቦማ

---

ኣመልካቲ ብርሃ ጉብረ በርሀ ዝተበሃልኩ፥ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ዝርከብ ስፍሓት መሬት 113.30 ት/ሜ ዝኾነ ቀንዲ ክፍሊ 4 ምስ 2 ተሓጋገዝቲ ዘጠቓለለ ፕሎት 1P ፓርሰል E ASP00009401 ዝኾነ ገዛ ካብ ሓምድ ከማል ዓብደልቃድር ዝዓደግኩዎ፡ ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 1/007978 ብስም ሸያጢ ዝተመዝገበ ኣፓርታማ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤት/ጽ ኒታዮ ዞባ ማእከል ይቕረብ።

ብርሃ ጉብረ

---

ኣነ ወ/ሮ ኣበባ ኪዳነ ገብረጻድቕ ዝተበሃልኩ፥ እኽኮ ወራሲት ናይ መዋቲት ወላዲተይ ነ/ሄራት ግደይ ተሰፋይ ተወልደ ምዃነይ ኣብ ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገዛ ባንዳ ብዕለት 14/02/2022 ኣብ መ/ቁ 42/22 ወርሻይ ዘረጋገጽኩ፥ ክልተ ገዛውቲ ካብ መዋቲት ወላዲተይ ነ/ሄራት ግደይ ተሰፋይ ተወልደ 1.ኣብ ኣስመራ ምምሕ/ነ/ዞ ገዛ ባንዳ ቁጽሪ ገዛ 70 ፓርቸላ "B1" ፕሎት "29" ዝርከብ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ብስም መዋቲት ወላዲተይ ብመለለዪ ቁ/ ንብረት 1:006914/1 ተመዝጊቡ ዝርከብ ኣብ 107.49 ት/ሜ ዝተደኮነ 2. ኣብ ኣስመራ ምምሕ/ነ/ዞ ገዛ ባንዳ ቁጽሪ ገዛ 70 ፓርቸላ "B1" ፕሎት "29" ዝርከብ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብመለለዪ ቁጽሪ 49281/80622 ብስም መዋቲት ወላዲተይ ተመዝጊቡ ዝርከብ ኣብ 56.52 ት/ሜ ዝተደኮነ ገዛውቲ፣ ስም ዋንነት ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለዝደለኹ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስትርን ይቕረብ። ተቓዋሚ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ኣበባ ኪዳነ ገብረጻድቕ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ቅነ ስፖርት ሓይሊ ኣየር ቀጺሉ

ኣብ መዓስከር ሓይሊ ኣየር ዝካየድ ዘሎ ስፖርታዊ ቅነ እዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፣



ዝሓለፉ መዓልታት ብኸልቲኡ ጾታ - ብኩዕሶ እግሪን መርበብን ቀጺሉ ነይሩ።

በዚ መሰረት፡ ኣብዘን ዝሓለፉ መዓልታት ኣብ ዝተኻየዱ ግጥማት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ፡ ጸገዎት ንዊና 2-ብ1፡ ፈንቅል ንሕድሪ 2-ብ0 ስዒረናኦን። ብዘይካዚ፡ ጸሓይ በርቂን ሕድሪን 1-ብ1፡ ርኸት ኣንጻር ዊና 3-ብ3 ክፈላለያ እንከለዋ፡ መሰረት ንፈንቅል 1-ብ0፡ ሓለቡት ንጸገዎት 3-ብ2 ኣፋንጺናኦን።

ኣብዚ ዓውዲ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ግጥማት ከኣ፡ ሓለቡት ንመዛግኣ ብበፊሕ 8-ብ0 ክትረትዓ እንከላ፡ ኣርሴማ ብርሃ ሰለስተ ሹቶታት ብምቁጻር ሃትሪክ ሰሪሓ። ጸገዎት ድማ ንሕድሪ 1-ብ0 ኣፋንያታ።

ብዘይካዚ፡ ኣብ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ፈንቅል ንሕድሪ 3-ብ0፡ ኣብ ካልኦ እውን ፈንቅል ንጸገዎት 2-ብ0 ስዒራተን። ኣብ ዝሰዓበት መዓልቲ ከኣ፡ ፈንቅል ንጸሓይ በርቂ፡ ሓለቡት ንርኸት ብተመሳሳሊ 2-ብ0 ስዒረናኦን።

ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ርኸት ንዊና 3-ብ2 ከተሰንፉ እንከላ፡ ሓለቡት ንጸገዎት፡ ከምኡ'ውን፡ መሰረት ንፈንቅል ብተመሳሳሊ 3-ብ0 ክምዝስዓራኦን ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ጸብጻብት ኣረዲኡ።

## መንዲ፡ ናብ ኩዕሶ እግሪ ተመሊሱ

ቅድሚ ሽዱሽተ መዓልታት ካብ ክሲ ዓመጽ ጓል ኣንስተይቲ ናጻ ዝተባህለ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ማን ሲቲ በንጃሚን መንዲ፡ ትማሊ ምስ ፈረንሳዊት ክለብ ሎሬንት ክጻወት ሓዳሽ ውዕል ፈሪሙ።

ዝሓለፈ ሰሙይ 29 ዓመት ዝመልአ መንዲ፡ ካብ ነሓሰ 2021 ጀሚሩ ብልዕሊ ሸሞንተ ናይ ዓመጽ ክስታት ቤት ፍርዲ ምምልላሱ ይፍለጥ። ይኹን እምበር፡ ዝሓለፈ ዓርቢ ካብቲ ንኽልተ ዓመታት ካብ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ዝኣለዮ ክሲ ናጻ ተባሂሉ፡ እናነበዐ ካብ ቤት ፍርዲ ምውጽኡ ይዝከር።

እዚ ፈረንሳዊ ተኸላኻሊ፡ ካብዚ ክሲ ናጻ ድሕሪ ምባሉ፡ መዓሸን ናበዲይቲን ክለብ ከም ዝጸምበር ኣዛራቢ ኮይኑ እዩ ጸኒሑ። መንዲ፡ ደሮ ምስ ማን ሲቲ ዝበሮ ውዕል ኣብዚ ክረምቲ ወዲኡ ብምንባሩ ከኣ፡ ዳግማይ ናብታ ጉብለል ኤውሮጳ ዘዀኑት ጋንታኡ ነር ዝምለሱ ምኽንያት ዳርጋ ኣይነበረን። በዚ ኸኣ ናይ መጻኢ ጋንታኡ መን ምዃና ንምፍላጥ ግዜ ክወስድ ከም ዝኸኣል ክእመት ቀንዩ።

ይኹን እምበር፡ ትማሊ፡ ማለት ኣብ ውሽጢ ሰሙን እቲ ናጻ ዝተባህለሉ ግዜ፡ "መንዲ፡ ናብ ኩዕሶ እግሪ ተመሊሱ" ዝብል ዜና ኣብ ገጻት ጋዜጣታት ኤውሮጳ ሰፊሕ ሽፈነ ክወሃቦ ተራእዩ። እዚ ናይ ጸጋም ክንፊ ተኸላኻሊ፡ ክሳብ 2025 ማልያ ፈረንሳዊት ክለብ ሎሬንት ክለብስ እዩ ፒርን ወረቓቕትን ኣራኺቡ ዘሎ። ቁጽሪ 5 ክለብስ ምዃኑ'ውን እዛ ጋንታ ኣፍሊጣ ኣላ።




ኣብ 2017 ካብ ሞናኮ ናብ ማን ሲቲ ዝተጸምበረ መንዲ፡ ብ57 ሚልዮን ፓውንድ ብምስግጋሩ፡ ኣብ እዋኑ "እቲ ዝኸበረ ተኸላኻሊ ዓለም" ክበሃል በቒዑ ነይሩ። ምስዛ ክለብ ኮይኑ ሰለስተ ናይ ፕሪመር ሊግ ዋንጫ ዝዓተረ በንጃሚን ሰሪዚ ክሲ ግና፡ ናይ መውዳእታ ጸወታኡ ኣብ ነሓሰ 2021 ኣንጻር ቶተንሃም እዩ ኣካይዱ። ብሓፈሻ ከኣ 75 ግጥማት ንሲቲ ወኪሉዋ እዩ።

ካብዚ ዝሓለፈ ዓመታት ጀሚሩ፡ ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ልዕሊ ስሙያት ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ናይ 'ተዓማጺና' ክሲ ከቕርባ ተሰሚዐን እየን። ክሪስቲያኖ ሮናልዶን ነይማርን እቶም ልዑል ስም ዘለዎም ተጻወትቲ ኮይኖም፡ እንተኾነ ካብዚ ክሲ ናጻ ተባሂሎም ብቐልጡፍ ናብ ስራዕ ሂወቶም ተመሊሶም እዮም። ኣብዚ ዓመት ከኣ ዳኒ ኣልቬዝ ብተመሳሳሊ ክሲ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ይርከብ። ከምዚ ናይ በንጃሚን መንዲ ግና፡ ዛጊት ከምዝይተራእየ ይግለጽ። እዚ ተጻዋታይ ሰሪዚ ክሲ፡ ንኽልተ ዓመታት ካብዚ ብልዑል ጻዕሪ ዝበጽሖ ናይ ፕሮፈሽናል ጉዕዞኡ ክሰናኸል እንከሎ፡ ቁጠባዊ ሃሲያ'ውን ቀሊል ከምዘይነበረ ይሕበር። ኣብ እዋኑ ሓደ ካብ ዝበለጹ ተኸላኻሊ ተባሂሉ ዝጸዋዕ ዝነበረ መንዲ፡ ናጻ ድሕሪ ምባሉ፡ ካብ ብዙሓት ተጻወትቲ ሞራላዊ ደገፍ ረኺቡ እዩ።

## ኣባሙያንግ፡ ናብ ማርሴ ተሰጋጊሩ




ጋቦናዊ ኣጥቃዓይ ቸልሲ ፒየር ኤምሪክ ኦባሙያንግ፡ ምስ ፈረንሳዊት ክለብ ማርሴ ክጽምበር ምስምማዕ ምንጪታት ሓቢሮም።

ኦቡ ሓደ ካብቶም ኣብ መደብ ሓዲሽ ኣሰልጣኒ ጋንታኦም ማውሪቾ ፖቸቲኖ ዘየለዉ ተጻዋታይ ምዃኑ እዩ ክቃላሕ ቀንዩ። ሰሪዚ ምኽንያት ከኣ፡ እዛ ጋንታ ንቅድመ ልምምድ ናብ ኣመሪካ ኣብ ዘቕየረትሉ፡ ኦባሙያንግ ሉካኩን ካልኦት ኣብ መደብ ፖቸቲኖ ዘየለዉን ተጻወትቲ፡ ምስዛ ጋንታ ኣይምርሑን። በዚ ድማ ናብቲ ብልዑል ክፍሊት ቀልቢ ብዙሓት ተጻወትቲ ኤውሮጳ ኣሸፊቱ ዝርከብ ሊግ ስዑዲ ዓረብ ወይ ከኣ ናብ ማርሴ ክሰጋገር ከምዝኽእል ክቃላሕ ቀንዩ።

ብመሰረት ናይ ትማሊ ጸብጻብ መሰርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ግና፡ ኦቡ ካብ ቸልሲ ብናጻ ተፋንዩ እዩ ምስ ማርሴ ክጻወት ተሰማሚዑ ዘሎ። ብዘይካዚ፡ እዚ ወዲ 34 ኣጥቃዓይ፡ ክሳብ ሰነ 2026 ዘጸንሕ ናይ ሰለስተ ዓመታት ውዕል ክፍርም ምዃኑ ክግለጽ እንከሎ፡ ሎሚ ሓሙስ ከኣ ናብ ፈረንሳ ብምቕናዕ ሕክምናዊ መርመራ ክገብር እዩ። ኦባሙያንግ በዚ ውዕል ተሓጊዙ ዳግማይ ናብቲ ምስ ክለቡት ሊል፡ ሞናኮን ሳይን ኢቲን ኮይኑ ዝተጻወተሉ ሊግ 1 ፈረንሳ ክምለስ እዩ።

## እንታይከ ይበሃል ኣሎ?

* ኣሌሃንድሮ ባልዴ፡ ምስ ክለቡ ባርሳ ክሳብ ሰነ 2028 ዘጸንሕ ውዕል ፈሪሙ። እዚ ወዲ 19 ዓመት ተኸላኻሊ፡ ዝሓለፈ ዓመት ብሉጽ ብቕዓት ብምርኣዩ፡ ብዮላሚኡ ዣቪ - ልዕሊ እቲ ኣብ ተመሳሳሊ ቦታ ጸጋማይ ክንፊ ምክልኻል ዝሰለፍ ጆርዲ ኣልባ ቀዳምነት ክወሃቦ ተራእዩ እዩ።

* ኢጣልያዊ ገዳም ሓላዊ ልዳት ጂያንሉጂ በፎን ካብ ጸወታ ዝፋነወሉ፡ ኣብ ዝመጽእ መዓልታት ክፍልጥ ምዃኑ፡ ፋትቦል ኢጣልያ ዝተባህለት ጋዜጣ ኣፍሊጣ።

እዛ ጋዜጣ፡ ወዲ 45 ዓመት በፎን ካብ ስዑዲ ዓረብ ዝመጽኦ ሕቶ ምንጻጉ'ውን ተረዲኡ። ብዘይካዚ፡ ወላ'ኳ ምስዛ ኣብ ካልኣይ ዲቪዥን ኢጣልያ (ሰሪ ቢ) እትጻወት ጋንታኡ ፓርማ ናይ ሓደ ዓመት ውዕል እንተሃለዎ፡ ኣብ ዝቕጽላ መዓልታት ጥሮታ ምውጽኡ ወግዓዊ ክገብር እዩ ትብል።

ሓደ ካብ ናይ ኩሉ ግዜ ዝበለጹ ሓለውቲ ልዳት ምዃኑ ዝገለጸ በፎን ካብ 1995 ጀሚሩ ን28 ዓመታት ኣብ ምጽዋት ደርኪቡ። እዚ ኣብ ሰሪኣ ዝበዝሐ ግጥማት ዘካየደ ሓላዊ ማዕጾ ንክለባት ፓርማ፡ ጁቬንቱስ፡ ፒኤስጂ፡ ከምኡ'ውን ሃገሩ ኢጣልያ ወኪሉ - 1151 ግጥማት ምኻይዱ ሰነዳት የረድኡ።

* ጆርዲ ኣልባ፡ ናብ ኣመሪካዊት ክለብ ኢንተር ሚያሚ ብምቕናዑ ምስቶም ኣብ ባርሰሎና ደቂ ጋንታኡ ዝነበሩ እሞ ኣብዚ እዋን ከኣ ማልያ እዛ ኣመሪካዊት ክለብ ለቢሶም ዘለዉ ሊዮኔል ሜሲን ሰርጂ በስከትን ክሓብር ምዃኑ፡ ፕረዚደንት ናይ'ታ ጋንታ ጆርጅ ማስ ኣፍሊጡ። ናይ ጸጋም ክንፊ ተኸላኻሊ ጆርዲ ኣልባ፡ ድሕሪ ሓደ ዕቑድ ኣብዚ ወቕቲ ካብ ባርሳ ምውጽኡ ይፍለጥ።

## "ሜሲ፡ ኣብ ኢንተር ክወሃሃድ ግዜ ከድልዮ እዩ" ቤክሃም

ሓደ ካብ ወነንቲ ኢንተር ሚያሚ ዝኾነ ዴቪድ ቤክሃም፡ ሓዲሽ ተጻዋታዮም ሊዮኔል ሜሲ፡ ኣብ መጀመርያ ጉዕዞ ሊግ ኣመሪካ ኪጋደል ከምዝኽእል ገሊጹ።

ሜሲ፡ ካብ ባርሳን ስዑዲ ዓረብን ዝመጽኦ ሕቶ ነጺጉ ናብ ኣመሪካ ድሕሪ ምቕንዑ፡ ዝሓለፈ ሰንበት እዩ ብወግዒ ምስ ደገፍቲ እታ ተላሊዩ። ጽባሕ 21 ሓምለ ከኣ፡ ቀዳመይቲ ጸወታኡ ከሰላስል ከምዝኽእል ናይ ቀረባ ምንጪታት ይሕብሩ።

ሜሲ፡ ፋልመይቲ ጸወታኡ ንምክያድ ኣብ ዝዳለወሉ ዘሎ እዋን እዩ እምበር በክሃም፡ ሜሲ ምስቲ ሊግን እታ ጋንታን ክወሃሃድ ግዜ ከምዝድልዮ ዘረድአ ዘሎ። "ሜሲ፡ ዘለዎ መንፋዕትን ህቡብነትን ብዘየገድስ፡ ግዜ ከድልዮ እዩ፤ ወላ'ውን በሰኪት። ምስዛ ጋንታ ክወሃሃዱ ግዜ ከድልዮም እዩ።" ዝበለ ቤክሃም፡ "ኣብ ኩሉ ጸወታ ክነዕውት ንኽእል ኢና፡ ክገርመና'ውን ይኽእል እዩ። እንተኾነ ክንዕገስ ከድልየና እዩ።" ኢሉ።

ንሱ ቀጺሉ፡ "ኣነ ኣብ 2007 ናብ ኣመሪካዊት ክለብ ኤልኤ ጋላክሲ ምስ መጻእኩ ኩሉ ሰብ 'ኤልኤ ንኹሉ ጸዋኣት ክትዓትር እያ። ኤልኤ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጸወታ 7-ብ0 8-ብ0 ክትሰዕር እያ' ኢሉ እዩ ዝሓስብ ነይሩ። ኣብዚ ግና ዝተፈልየ ቅዲ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ እዩ ዘሎ። ኑቶም ካብ ካልእ ዝመጽኡ ተጻወትቲ ቀሩብ ዝተፈልየ ደረጃ እዩ ዘለዎ። ኣብ መውዳእታ ግና፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ደረጃ ኩዕሶ እግሪ እዛ ሃገር ኣብ ጽቡቕ እዩ ዘሎ። ብሓፈሻ ከኣ ክንዕገስ ዘግበኦና ኣጋጣሚታት ክህሉ እዩ።" ኢሉ።




ቤክሃም፡ ንሜሲ ዘጠንቀቕ ዘሎ ናይ ፊለማ ውልቀ ሰብ ኣይኮነን። ኣቐዲሙ እውን ዋይኒ ሩኒ፡ ሊግ ኣመሪካ ቀሊል ከምዘይኮነ ናብዚ ኣርጀንቲናዊ ብሉጽ ተጻዋታይ መልእኽቱ ኣመሓላሊፉ ነይሩ እዩ። "ሜሲ፡ ሊግ ኣመሪካ ቀሊል ኮይኑ ኣይክረኽቦን እዩ። ምናልባት ናይ ጽሉላት ሓሳብ ክመስል ይኽእል እዩ፡ እንተኾነ ብዙሓት ተጻወትቲ፡ ብርቱዕ ሊግ ኮይኑ እዩም ረኺቦሞ።" ኢሉ - ንቤክሃም ወዲ ሃገሩን ጋንታኡን ዝበረ ናይ ሕጂ ዓሰልጣኒ ኣመሪካዊት ክለብ ዲሲ ዩናይትድ ዋይን ሩኒ።

## ሮመዩ፡ ናብ ባርሳ ኣቕኒዑ


ናይ ቅድም ኣካፋሊ ክለባት ቸልሲን ሳውዝሃምፕተንን ዝኾነ ኦሪኦል ሮመዩ፡ ምስ ካታሎኛዊት ክለብ ባርሴሎና ተጸምቢሩ።

ዝሓለፈ ዓመት ንእስጳኛዊት ክለብ ጂሮና ዘገልገለ ሮመዩ፡ ኣብዚ ወቕቲ ናብ ባርሳ ዝተጸምበረ ሳልሳይ ተጻዋታይ ኮይኑ ኣሎ - ድሕሪ እቶም ብናጻ ዝተጸምበሩ ጓንዶጋንን ኢኒጎ ማርቲነዝን። ደሮ'ውን ትማሊ ምስ ሓያስቲ ደቂ ጋንታኡ ልምምድ ዝገበረ እዚ እስጳኛዊ፡ ናይ ሰለስተ ዓመታት ውዕል ፈሪሙ ኣሎ።

ሮመዩ፡ ወላ'ኳ ፍርያት ኣካዳሚ ባርሳ "ላ ማሲያ" እንተኾነ ኣብ 2010-11 ኣብ ትሕቲ ጓርዲዮላ ክልተ ግጥማት ጥራይ ድሕሪ ምስላፉ፡ ብኣርባዕተ ሚልዮን ፓውንድ ናብ ቸልሲ እዩ ተሰጋጊሩ። ኣብዛ ጋንታ ኣብ ኣርባዕተ ዓመታት ብቐጻሊ ከሰልፍ ዘኽኣሎ ብቕዓት ከነጽብርቕ ብዘይምኽኣሉ ስሉው ናይ ምስላፍ ዕድል ዝረኸበ እዚ ወዲ 31 ዓመት ኣካፋሊ፡ ናብ ሳውዝሃምፕተን እዩ ኣቕኒዑ። ንሸውዓተ ዓመታት ኣብ 217 ናይ ፕሪመር ሊግ ግጥማት ብምውካል ሸውዓተ ሹቶታት ኣመዝጊቡላ ከኣ፡ ዝሓለፈ ወቕቲ ናብ ጂሮና ኣቕኒዑ - 33 ናይ ሊግ ግጥማት ከኣ ኣካይዱ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ባርሳ ነቲ ብዘተዘረባ ዘረባ ንጋንታኡ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ኣቑጢዑዋ ዘሎ ጃኦው ፈሊክስ፡ ኣብዚ ሰሙን ከተፈርሞ ከምእትኽእል ተቓሊሑ። ፈሊክስ፡ ብቕድሚ ትማሊ ብዘህባ መጻኢኡ ኣመልኪቱ፡ "ንባርሳ ክጻወተላ ደስ ምበለኒ። ባርሳ፡ ናይ ወትሩ ቀዳመይቲ ምርጫይ እያ። ካብ ንእስነተይ ጀሚረ ኩሉ ግዜ ኣብ ሕልመይ ነይራ። እዚ እንተተፈጺሙ ከኣ ሕልመይ ክዉን ኮይኑ ማለት እዩ።" ኢሉ ብምዝራብ እዩ ንጋንታኡ ኣቑጢዑ ዝርከብ። በዚ ከኣ ኣትሌቲኮ፡ ባርሳ ነዚ ተጻዋታይ ክትገዝኦ ቀጠልያ መብራህቲ ወሊዓትላ ከምዘላ ጋዜጣ ማርካ ተረዲኡ።

ኣብ 2019 ብ126 ሚልዮን ዶላር ካብ በነፊካ ናብ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ዝተጸምበረ ፈሊክስ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ንፍርቂ ዓመተ-ስፖርት ብልቓሕ ምስ ቸልሲ ምጽዋቱ ይዝከር። ናብዛ ጋንታ ብቐዋሚ ክሰጋገር እዩ እናተባህለ ግና፡ ሓዲሽ ዓሰልጣኒ እዛ ጋንታ ፖቸቲኖ፡ ከምዘይደልዮ ብምግላጹ ደጊሙ ናብ እስጳኛ ክምለስ ተቐሲቡ ይርከብ።






# ዜና ወጻኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

## ኢጣልያ - ኣብ 23 ከተማታት ሓያል ማዕበላዊ ሙቐት ተኸሲቱ

ኣብ ሰሜናዊ ንፍቀ-ክቢ. ዓለም ልዑል ሙቐት ተኸሲቱ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ 23 ከተማታት ኢጣልያ ብሸነኺ'ቲ ተጻባኢ. ኩነታት ኣየር ዝለዓለ መጠንቀቕታ ከም ዘዘርገሓ ምንጭታት ዜና ሓቢሮም።

መንግስቲ ኢጣልያ፡ ነቲ መጠንቀቕታ ከውጽእ ዝተገደደ፡ እቲ መጠን ሙቐት ንህይወት ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ኣሰጋኢ. ኣብ ዝኾነ ደረጃ ብምዕራጉ ምኽንያቱ'ዩ ዝገልጽ።

ብመሰረት ሓበሬታ ክኢላታት ሜትዮሮሎጂ፡ ኣብ ደሴታት ሳርዲኒያን ቺቺሊን፡ መጠን ሙቐት ክሳብ 47 ዲ.ሰንቲግሬድ በጺሑ ኣሎ። ዝመጽእ መዓልታት እውን ከምኡ ኢሉ ከም ዝቕጽል'የም እቶም ክኢላታት ዝተንብዩ። ኣብ ሮማ ርእሲ ከተማ ኢጣልያ ዝሓለፈ. ሰሉስ ኣብ ታሪኽ ዝለዓለ ምኻኑ ዝተገልጸ መጠን ሙቐት ከም እተመዝገበ'የም ምንጭታት'ታ ከተማ ሓቢሮም።

መንግስቲ ኢጣልያ ዘውጽኦ መጠንቀቕታ፡ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ካብ እትርከብ ከተማ ትረስተ ክሳብ'ታ ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ'ታ ሃገር ትርከብ ከተማ መሲና እዩ ተዘርጊሑ ዘሎ። እቲ ማዕበላዊ ሙቐት ክሳብ ዝሃድእ፡ ነበርቲ ናይተን ከተማታት ኣካላቶም ንምጥላል ብብዝሒ. ፈሳሲ. ክወስዱን፡ ዘየድሊ. ምንቅስቓስ ኣወጊዶም ኣብ መንበሪ ቤቶም ተዓቚቦም ክጸንሑን እዮም ሰበ መዚ. ኢጣልያ ዝምዕዱ።

ኣብ ሃገራት ኤውሮጳ በቲ ተኸሲቱ ዘሎ ማዕበላዊ ሙቐት ዝተበገሰ ባርዕ ጫካ ሓያሎ ከቢባዊ ዕንወት የውርድ ከም ዝሎ'ዩ ዝግለጽ። ሰራሕተኛታት መጥፋእቲ ሓዊ ነቲ ኣብ ግሪኽን ስዊዘርላንድን ተኸሲቱ ዘሎ ባርዕ ጫካ ንምቁጽጻር ጻዕርታት የካይዱ ከም ዘለዉ. ምንጭታት'ቲ ከባቢ. ሓቢሮም።

ኣብ ኣመራ፥ ኤውሮጳን ገለ ክፋል ኤሲያን ተኸሲቱ ዘሎ ልዑል መጠን ሙቐት፡ ኣብ ህይወት ሰባት ሓያሎ ክሳራታት የውርድ ምህላዉ. ጸብጻባት ሕክምና የመልክቱ።



## ሰሜን ኮርያ ክልተ ባለስቲክ ሚሳይል ወንጪፋ

ሰሜን ኮርያ ትማሊ. (ረቡዕ) ንግሆ ክልተ ናይ ሓጺር ርሕቀት ባለስቲክ ሚሳይል ንፈተና ከም ዝወንጨፈት ተሓቢሩ።

ሰሜን ኮርያ ነቲ ፈተና ዘካየደት፡ 'ዩኤስኤስ ከንታኪ.' ዝተባህለት ወተሃደራዊት መርከብ ኣመሪካ ኣብ ገማግም ደቡብ ኮርያ ኣብ ዝኣተወትሉ እዋን እዩ። እታ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ዝዓጠቐት መርከብ ትሕተ-ባሕሪ ኣመሪካ፡ ኣብ 'ቡሳን' ዝተባህለ ወደብ ደቡብ ኮርያ ተጸጊዓ ከም ዝሎ'ዩ ዝግለጽ።

ሰሜን ኮርያ፡ ዝሓለፈ. ኣዋርሕ ብቐጻሊ. ዝተፈላለየ ዓይነታት ሚሳይል ክትውንጭፍ ምጽንሓ ይዝከር።

ምስ ደቡብ ኮርያ ፍሉይ ጸጥታዊ ስምምዕ ዘለዋ ኣመራ፥ ምስታ ሃገር ተደጋጋሚ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ከም እተካይደን እዚ. ደማ ንጸጥታዊ ወጥሪ ናይቲ ዞባ እናጋደደ ይመጽእ ምህላዉን ጸብጻባት የመልክቱ።



ኑክሌሳዊ ኣጽዋር እትውንን ሰሜን ኮርያ፡ ሰገኣት ወራር እንተገጢሙዋ፡ ኣንጻር'ተን ንኣመራ ዘእንግዳ ጎረባብታ ሃገራት ተረር ስጉምቲ ከም እትወስድ'ያ ተጠንቀቕ።

ኣብ መንጎ ሰሜንን ደቡብን ኮርያ ካብ 1950 ክሳብ 1953 ድሕሪ ዝተኻየደ ውግእ፡ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ. እንተዘይኮይኑ ዛጊት ዝኾነ ስምምዕ ሰላም ከም ዘይተኸተመ'ዩ ዝንገር።

ብዘይካ'ዚ፥ ሓደ ኣመራዊ ወተሃደር ናብ ሰሜን ኮርያ ኣዱ ከም ዝሰገረ ተሓቢሩ። እቲ ኣመራዊ ወተሃደር ምስ ብጾቱ ድሕሪ ዘጋጠሞ ዘይምቅዳው ኣብ ደቡብ ኮርያ ዝሓጸረ ደረጃ ሓሳብ ካብ ዝተኣሰረ ስቡማዚ. ኣመራ ገሊጾም። እቶም ብተግባራቱ ዝተቐጥዑ ሰብማዚ፥ ኣብ ዝኾነ ዝጸንሐ ዲሲፕሊናዊ መቕጻዕቲ ከም ዝጸንሐ'ዮም ዝገልጹ።

ይኹን እምበር ሰሜን ኮርያ፡ ብዛዕባ'ቲ ፍጻመ ኣመልኪታ ዝኾነ ሓበሬታ ኣይሃበትን ዘላ።

## ፕረዚደንት ፓናማ ነበር፡ ን10 ዓመት ክእሰር ተፈሪዱ

ፕረዚደንት ፓናማ ዝነበረ ሪካርዶ ማርቲሊ፡ ብዝቐረበሉ ክሲ. ዘይሕጋዊ ምስሪጋር ገንዘብ ገበን ከም ዝፈጸመ ድሕሪ ምርካቡ፡ ን10 ዓመት ኣብ ማሕበስ ክጸንሕ ከም እተፈረደ ተገሊጹ።

እቲ ውሳኔ ነቲ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ኣብታ ሃገር ዝካየድ ሓፈሻዊ ምርጫ ብኸቢድ ክጸልዎ ምኻኑ ደማ፡ ምስታ ሃገር ቅርበት ዘለዎም ተንተንቲ ፖለቲካ የጠንቅቑ ኣለዉ።

እቲ ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ 2024 ቀንዲ ተወዳዳሪ ኮይኑ ክቐርብ ወሲኑ ዝነበረ ወዲ 71 ዓመት ፕረዚደንት ነበር፡ ኣብቲ ዝሓለፈ. ረቡዕ ዝወዓለ መጋባእያ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝተዋህቦ ናይ ማእሰርቲ ፍርዲ፡ 19 ሚልዮን ዶላር ክኸፍሎ'ውን ከም እተወሰነሉ ተሓቢሩ።

ሕመረት ናይቲ ዝቐረበሉ ክሲ. - ጉዳይ ዕድጊ. ኩባንያ መራኸቢ. ብዙሓን ምኻኑ ዝጠቕሱ ኣኽበርቲ ሕጊ'ታ ሃገር፡ ማርቲሊ. ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ኮንትራት ካብ ዝዘበን ኩባንያታት ዝኣከቦ 43 ሚልዮን ዶላር ኣብ ዕድጊ. እቲ ኩባንያ ማሕበራዊ መራኸቢ. ከም ዝወዓሎ ገሊጾም።



እንተኾነ፡ እቲ ፕረዚደንት ነበር ብ13 ሰነ ብትዊተር ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ "ፖለቲካ ብምዃኑ ክኣቱ እኽእሉ፡ ፍትሒ. ደማ ብማዕጾ ትሃድም" ክብል ነቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝተመስረተ ክሲ. ብትሪ ኺጉዎ ኒዩሩ።

ብምኽንያት እቲ ዝተመስረተሉ ክሲ. ካብ ሃገር ከይወጽእ ተኣጊዱ ዝጸንሐ ሪካርዶ ማርቲሊ፡ ንፓናማ ካብ 2009 ክሳብ 2014 ከም ዝመርሐ ይንገር።

ክልተ ደቂ'ውን ኣብ ዘይሕጋዊ ምስሪጋር ገንዘብ ክሰጥፉ ብምጽንሖም ኣብ ኣመራ ተኣሲርም ከም ዝነበሩን ድሕሪ ምፍትሖም'ውን ኣብ ፓናማ ክስታት ተመስሪቶም ምህላዉን ጸብጻባት የመልክቱ።

## ፈ.ሩስያ፡ ፕረዚደንት ፑቲን ኣብ ኣኼባ 'ብሪክስ' ከምዘይሳተፍ ኣፍሊጣ



ፕረዚደንት ፈደረሽን ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ኣብቲ ዝመጽእ ወርሒ. ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝካየድ ኣኼባ ውድብ 'ብሪክስ' ከምዘይሳተፍ ካብ ቤት መንግስቲ'ታ ሃገር ዝተፈነወ መግለጺ. ሓቢሩ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ. ሩሲያ ሰርጌ ላቭሮቭ ንፕረዚደንት ፑቲን ብምውካል፡ ኣብ ኣኼባ መራሕቲ ውድብ 'ብሪክስ' ከምዝሳተፍ ድማ እቲ መግለጺ. ሓቢሩ ኣሎ።

እቲ ንቻይና፡ ሩሲያ፡ ህንዲ፡ ብራዚልን ደቡብ ኣፍሪቃን ዝጥርንፍ ውድብ 'ብሪክስ' ዝመጽእ ወርሒ. ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣኼባኡ ከም ዘካይድ እዩ ዝግለጽ ዘሎ። ኣብቲ መራሕቲ ሃገራት ናይተን ዓበይቲ ሃገራት ዝሳተፍዎ ኣኼባ፡ ሓያሎ ኣህጉራዊ ዛዕባታት ክለዓል ትጽቢት ከም ዘሎ ተንተንቲ ይእምቱ።

'ብሪክስ' ብሓያሎ ክኢላታት ከም መተካእታ ናይቲ 'ጉጅለ 7' ዝተሰምየ ብቑጠባ ንዝማዕበላ ሃገራት ምዕራብ ዝጥርንፍ ውድብ እዩ ዝጥመት።

## ኬንያ - ኣብ ናዕቢ. 15 ሰባት ተቐቲሎም

ኣብ ሓያሎ ከተማታት ኬንያ ኣብ ዝተለዓዓለ ህዝባዊ ተቓውሞ፡ ኣብ መንጎ ሰልፈኛታትን ፖሊስን ግጭት ተወሊዑ።

ኣብቲ ብተቓዋሚ ሰልፊ ዝተጸወዐ ተቓውሞን ዝሰዓበ ግጭትን ብውሕዱ ህይወት 15 ሰባት ከም ዝጠፍኣን 10'ታት ካልኦት ከም ዝቘሰሉን ምንጭታት'ቲ ከባቢ. ሓቢሮም።

ኣብ ናይሮቢ፥ ሰልፈኛታት ጎማ ዘተሓውሶ ተቓውሞ ኣብ ዘካይድሉ ዘለዉ. እዋን፡ ፖሊስ ኬንያ ዘንብዕ ጋዝን ጠያይትን ተጠቒሞም ክበትኖም ከም ዝፈተነ እቶም ተቓወምቲ ብወገኖም ኣንጻር ፖሊስ ደናጉላ ክድርብዩ ከም እተራእዩን ነበርቲ ናይ'ታ ከተማ ንማዕከናት ዜና ሓቢሮም።

ኣብዚ. ቅንያት'ዚ፥ መራሒ. ተቓዋሚ ሰልፊ ኬንያ ነበር ራይላ ኦዲንጋ፡ ዜጋታት'ታ ሃገር ንሰለስተ መዓልታት ዝጸንሕ ኣንጻር መንግስቲ ዊልያም ሩቶ ዝቐንዐ ህዝባዊ ተቓውሞ ከካይዱ ምጽውዑ'ዩ ዝግለጽ።

ኣብታ ሃገር ብዝተኸሰተ ክብሪ መነባብሮ ዘማረሩ ኣሽሓት ዜጋታት፡ ጎማ ዘተሓውሶ ተቓውሞ ኣብ ዘካይድሉ ዘለዉ. እዋን፡ ፖሊስ ኬንያ ኣብ ልዕሊ. ንብረት ዕንወት ኣውሪዶም ንዝበሎም ኣማኢት ሰባት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዘእተወ'ዩ ዘፍልጥ።

ዝሓለፈ. ወርሒ. መንግስቲ ኬንያ ዘተኣታተዎ፡ ኣብ ምፍጣር ዕድላት ሸቐለት ሓጊዚ. ምኻኑ ዝገለጾ ወሰኽ ግብሪ፥ ብሓያሎ ፖለቲከኛታት'ታ ሃገር ተቓውሞታት ይገጥሞ ምህላዉ'ዩ ዝንገር።

ፕረዚደንት ኬንያ ዊልያም ሩቶ፥ ስልጣን ድሕሪ ምሓዙ ነቲ ኣቐዲሙ ዝኣተዎ መብጽዓታት ክትግብሮ ከም ዘይከኣለ ሓያሎ ኬንያውያን ይኸሰሱ ምህላዎም ምንጭታት ዜና ይሕብሩ።




| ተረኛ ፋርማሲ. | ዕለት | ኀደና | ቁ.ስልኪ. |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ዓሰብ | 20/07/2023 | ኀደና ኣፍዓበት ቁ.105፡ ከባቢ. 2ይ መደበር ፖሊስ (ካርሺሊ.) | 123105 |

ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ   ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services